# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 34 ዓመት ቁ.217 | ሰንበት 11 ግንቦት 2025 | ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 2
መስተንክራውያን ጽርግያታት ሰውራ!'

ገጽ 3
ምስጢር ሕጉሳት ሰባት



ገጽ 4
ጽልዋ ክሊማዊ ለውጢ ኣብ ጸጋታት ማይ ሃገርናን ከባቢናን



ገጽ 5




ገጽ 7
"ምህናጽ ዲጋ ሰረደቐ፡ ንትሕተ-ባይታዊ ማይ ጉላጉል ዓላ. . .



## ደቡብ - ፈስቲቫል ተመሃሮ ብውዕዉዕ መንፈስ ተኸፊቱ


ስእሊ-መሪሕ ተስፋይ

ባህላውን ስፖርታውን ንጥፈታት ዝሓቖፈ ፈስቲቫል ተመሃሮ ዞባ ደቡብ፡ ብ9 ግንቦት ኣብ ከተማ መንደፈራ ብውዕወዕ መንፈስ ተኸፊቱ።

እዚ ካብ 12 ንኡስ ዞባታት ዝመጹ ኣስታት ሓደ ሽሕ ተመሃሮ ማእከላይን ካልኣይን ደረጃ ዝሳተፍዎን ክሳብ 11 ግንቦት ዝቕጽልን መደብ፡ ውድድራት ኩዕሶ-እግሪ፡ ኩዕሶ-መርበብ፡ ኩዕሶ-ሰኪዔት፡ ድራማ፡ ቅብኣ፡ መዚቃ፡ ግጥሚ፡ ክትዕን ሓፈሻዊ ፍልጠትን ዘጠቓለለ'ዩ።

ኣወሃሃዲ ናይ'ቲ መደብ መምህር በላይ ኑርሕሴን ኣብ ዘስመዖ መኽፈቲ ቃል፡ እዚ ኣብ መንጎ ተመሃሮ ናይ ተወዳዳርነት መንፈስ፡ ፍቕሪ፡ ሓድነትን ሰናትን ዘሰስን ዓመታዊ ጽንብል፡ ምስ ቅንያት በዓል ናጽነት ተደሚሩ ተወሳኺ ድምቀት ከምዝሰኣነ ገሊጹ።

ኣካያዲ ስራሕ ምምሕዳር ንኡስ ዞባ መንደፈራ ኣቶ ተስፋይ ጺጋይ ብወገኑ፡ እቲ መደብ ኣካል ናይ'ቲ ተመሃሮ ብኣካልን ኣእምሮን ንኽህነጹ ዝካየድ ዘሎ ንጥፈታት ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ ደገፍ ናይ ኩሎም ኣካላት ከምዘይፍለዮ ኣረጋጊጹ።

እዚ ከም'ዚ'ሉ እንከሎ፡ ባህላዊ ወርሻታትና መበቆላዊ ትሕዝቶኦም ከይሃሰሰ ናብ ወለዶታት ንምምስጋጋር ኣብያተ-ትምህርቲ ብዕቱብ ክሰርሓ፡ ብ17 ግንቦት ኣብ ዝተኻየደ መዛዘሚ ቀን ኣብያተ-ትምህርቲ ምብራቓዊ ኣጻድፍ ን/ዞባ ሰንዓፈ ጻውዒት ቀሪቡ።

መምህራን ባህልን ስፖርትን ዝኢ ጻውዒት ዘቕረቡ፡ እተን ኣብያተ-ትምህርቲ ኺ-ኺ'ቲ ዝወሃብ ዘሎ ቀለማዊ ትምህርቲ፡ ኣብ ምውርራስ ባህልን ክብርታትን እውን ዓቢ ኣስተዋጽኦ ከምዘለወን ብምጥቃስ'ዩ።

ሓላፊ ኣሃዱ ባህሊ፡ ስፖርትን ጥዕናን ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ መምህር ዓብለል ተኽለ፡ ዕላማ ናይቲ ብመልክዕ ውድድር ዝተሰላሰለ መደባት፡ ብቐንዱ ብስፖርትን ባህልን ዝተሃንጸ እሩምን ብቑዕን መንእሰይ ንምምልማል ከምዝኾነ ብምሕባር፡ ብዓይነትን ትሕዝቶን ንኽምዕበል ብዕቱብ ይስራሓሉ ከምዘሎ ኣረዲኡ።

ሓላፊ ኣገልግሎት ትምህርቲ መምህር ዑመርዲን መሓመድ ብወገኑ፡ ብኸሉንትንኡ ብቑዕ መንእሰይ ንምህናጽ ኣብ ዝካየድ ጻዕሪ፡ ተራ ወለዲ ኣጉዲሲ ምኻኑ ብምጥቃስ፡ ተመሳሳሊ ኣጋጣሚታት ኣብ መጻኢ ብዕቱብ ክተሓዝ ምኻኑ ሓቢሩ።

ኣብ ምብራቓዊ ኣጻድፍ ን/ዞባ ሰንዓፈ፡ ካብ መበኣታ ክሳብ ካልኣይ ደረጃ ዘምህራ 8 ኣብያተ-ትምህርቲ ኣለዋ።

ብዘይካ'ዚ፡ ኣስታት 2 ሽሕ ተመሃሮን 250 መምህራንን ዝሳተፍዎ ዘለዉ ቀን ኣብያተ-ትምህርቲ ዞባ ጋሽ-ባርካ፡ "ብቑዕ ትምህርቲ ንዘላቒ ምዕባለ" ብዝብል ቴማ ተኻይዱ።

እቲ ቀኑ፡ ስፖርታዊ፡ ባህላውን ትምህርታውን መደባት ዝሓቖፈ እዩ።

ኣወሃሃዲ ንጥፈታት ባህሊ፡ ስፖርትን ጥዕናን መምህር ሰለሙን ተኽለሃይማኖት ኣብ ዝሃቦ ቃል፡ ተሳተፍቲ ናይ'ዚ ንኣርባዕተ መዓልታት ዝቐጸለ ቀኑ ካብ 16 ንኡስ ዞባታት ዝመጹ ምኻኖም ገሊጹ።

ዕላማ ናይ'ዚ ቀኑ ዝተፈላለየ ክእለትን ተውህቦን ዘለዎም ተመሃሮ፡ ዓቕሞም ዘርእዩሉ፣ ሓድሕዳዊ ባህልን ክብርታትን ዝቕስሙሉ፣ ከም'ኡ'ውን ናይ ተወዳዳርነት መንፈስ ዘዕብዩሉ ባይታ ከምዝኾነ ጠቒሱ ድሕሪ ወለዲ፡ ኣለይትን መምህራን ዝኢ ተገዚበም ኣበርክቶኦም ከዕዝዙ ኣዘኻኺሩ።

ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ኣቶ ፍራንኮ ኮጦ ብወገኑ፡ ብቕዓት ትምህርትን ተመሃሮን ንምምሕያሽ ጻዕርን ወሀደትን መሻርኽቲ ኣካላት ወሳኒ ምኻኑ ብምግላጽ፡ ንምዕባለኡ ብዘለዓለ ከምዝስራሕ ኣረጋጊጹ።

## ፈስቲቫል ተመሃሮ ኮሌጅ ሕክምናን ስነ-ፍልጠት ጥዕናን ኦሮታ ተዛዚሙ

ኣብ ከተማ ኣስመራ ዝርከብ ኮሌጅ ሕክምናን ስነ-ፍልጠት ጥዕናን ኦሮታ፡ "ሞያና ንሕብረተሰብና" ብዝብል ቴማ ንሸደሽተ ኣዋርሕ ክካየድ ዝጸንሐ መበል 12 ዓመታዊ ፈስቲቫል ተመሃሮ፡ ብ9 ግንቦት ተዛዚሙ።

ፈጻሚ ዳይረክተር ሃገራዊ ኢንስቲትዩት ላዕለዋይ ትምህርትን ምርምርን ዶ/ር ሃይለ ምሕጹንን ኣቦመንበር ሃግመተኤ ኣቶ ሳልሕ ኣሕመዲንን ኣብ ዝተረኽብሉ፡ ብተመሃሮ ዝተዳለወ ንዘቕሰምዎ ትምህርቲ ዘንጸባርቕ ስእላውን ንዋታውን ምርኢት ኣብ ቀጽሪ ናይ'ቲ ኮሌጅ ቀሪቡ።

እቲ መዛዘሚ ስነስርዓት፡ ዓውደ-ምርኢት፡ ውድድራት ሓፈሻዊ ፍልጠት፡ ክትዕ፡ መደረ፡ ትንተና፡ ከም'ኡ'ውን ባህላውን ስፖርታውን ንጥፈታት ዘጠቓለለ ነይሩ።



ስእሊ-ክብሮም ጸሃየ

ፈስቲቫል ኮሌጃት፡ ንኽሉ መዳያዊ ፍልጠት ተመሃሮ ኣበርክቶ ደርዒ ዝፈጥር፣ ፖለቲካዊ፡ ማሕበራውን ባህላውን ንቕሓቶም ዘበርኽ፣ ዓቕበቲ ታሪኾምን መንነቶምን ንምምዕባርም ዘኽእል ብምኻኑ፡ ኣገዳሰኡ ብዕቱብ ከም ዝጥመት ኣብ'ቲ ኣጋጣሚ ተገሊጹ።

መበል 12 ፈስቲቫል ተመሃሮ ኮሌጅ ሕርሻ ሓመልማሎ፡ ኮሌጅ ንግድን ማሕበራዊ ስነ-ፍልጠትን ዓዲቐይሕ፡ ኮሌጅ ስነ-ፍልጠት ማይ-ነፍሒ ኣቐዲሙ ከምእተኻየደ ዝዘከር'ዩ።

ከለን ኮሌጃት ዝሳተፋሉ ውድድር፡ ካብ 15 ክሳብ 18 ግንቦት ኣብ ኮሌጅ ስነ-ፍልጠት ማይ-ነፍሒ ክካየድ ምኻኑ ተፈሊጡ ኣሎ።

**መስመርና ድርዕና !**



# ካብ ታሪኽ ሰውራና !



መሓመድ እድሪስ

ካልኣይ ክፋል

## ‘ መስተንክራውያን ጽርግያታት ሰውራ ! ’



ተጋዳላይ ኣብ ምህናጽ ጽርግያታት

ኣቐዲሙ ከም ዝተጠቐሰ ኣብ ጉሬቶ ሓደ ሽሕ ጉልበት ሰብ'ዩ ተዋፊሩ። ብናይ ሽዑ ዓቕሚ ንኽንድ'ዚ ዝኸውን ብዙሒ ብመጸዓኛ ከተዕጥቦ ስለ ዘይተኻእለ፡ ዝኣክል ማይን ስንቅን ኣይነበረን። ብፍላይ ጽምኢ ማይ ብርቱዕ ነይሩ። ሓደ ሰብ ኣብ መዓልቲ ሓንቲ ኩብያ ማይ ጥራይ ትፍቀደሉ ነይራ። ከም ምርጫኡ ወይ ብማያ ወይ ብሻሂ ይሰትያ። ከኣ ከምኡ'ውን መግቢ ከምኡ። ዓሰርተ ሰዓት ካብ ንእሽቶ ደስቲ ሩዝ ከክልተ ኩላሶ ምስ ኣልዓለ ዘዩላ ትኸውን። ብኸቱር ጥሜት፡ ፍረ መቑዕ በለስ ዝሓመሙሉ፡ ገለ ማስዋእቲ ዘጋጠሞሉ እዋን'ውን ነይሩ። ምስዚ ጥሜትን ጽምእን ድኻምን ግን እቲ መብዛሕትኡ ሓድሽ ዝነበረ ተጋዳላይ፡ ቀዳማይ ሓሳቡ ኑቲ ስራሕ ምውዳእ ጥራይ ነይሩ። ምስናይ ሱሓቑን ጓይላኡን ንጭንቂ እናነኣሰ ዝሰሓቖን ናይ ገለ ዘይተጻዋርነት እናኣልዓለ ዝጨርቆን እምበር፡ ሓሲሙና ኢሉ ዘጉረምረም ተጋዳላይ ኣይነበረን።

ዓመተ 1975 እናገሰገሰትን ኣገዳሲ መገዓዝያ ውድብ እናዛየደን ብዝኸደ መጠን፡ ካብ ኣግማል ናብ መካይን እናተሰጋገረ መጸ። ኣግማል ኣብቲ ብቐለሉ ጽርግያ ክትግበረሉ ዘይከኣል ቦታታት ጥራይ ተወሰና። እዚ ሓድሽ ለውጢ'ዚ ሓድሽ ኣገልግሎታዊ ኣወዳድባን ኣቓውማን ክየበር ኣገዲዱ። ኣገልግሎት መገዓዝያን ህንጻን ኣብ ትርፊ ግዜ ጥራይ ዝሰራሕ ምኻኑ ተሪፉ፡ ናቱ ፍሉይ ኣካላት ኣድልዩ። ክንዲ ዝኸውን ኣብ ሓምለ 1975 ኣካላት ህንጻን መገዓዝያን ብሓንሱብ ከም ጨንፈር ክፍሊ ቀኅጠብ ተመስሪተን። ሽዑ ኣካል ህንጻ ንጉልበት ብዝምልከት ብፍላይ ኣብቲ መጀመርታ ቅድምን ድሕርን ተዓለም ብተዓለምቲ እኳ ይጥቀም እንተ ነበረ፡ ካብ ሽዱሽተ ዘይበዝሑ ክኢላታት ኣባላት ጥራይ ነይርዎ።

ኣካል ህንጻ በዚ ደረጃ ምስ ቆመ ዝተበገሰሉ ስራሓት፡ ብሌቓትን ፋሕን ናይቲ ግዜ'ቲ ቀንዲ መደበር ህዝባዊ ሓይልታት፡ ምስ ወሰናስን ንጥፈት ብጽርግያ ምርኻብ ነይሩ። ካብ ቅሮራ ብሙብኣን ማህሚመትን ኣቢሉ ንመደበር ዝኣቱ መጋቢ ማስመር ክጸፍፍ ካብ ብሌቓት ብደብዮትን ዓገትን ገይሩ ንፈልከት፡ ካብኡ'ውን ክሳብ ኣዝዛራ ሓድሽ ማስመር ክጽረግ ከምኡ'ውን ዝያዳ ኣገዳሲት ዝነበሮ፡ ደሓር ጽርግያ ‘ሓርነት’ ዝተጠመቐ፡ ንሳሕልን ሰሜናዊ ባሕርን ዘራኽብ ማስመር ክኽፈት ነይርዎ። ኣካል ህንጻ በቲ ሽዑ ዝነበሮ ውሑድን ድሑርን መሳርሒ ነዚ ከቢድ ዕማም ብዐየዝኡ ንምፍጻም ተበጊሱ።

ማስመር ብሌቓት ኣዝዛራ፡ በቲ ናይ ሽዑ መማዚ ነዊሕ ኣብ ርእሲ ምኻኑ፡ እቲ ናይ ዓገት ክፋሉ ክሳብ ሽዑ ካብ ዘጋጠመ እቲ ዝኸበደ ነይሩ። “ከበቢ ዓገት” ይብል የውሃንስ ጺጋይ (ሩሎ) ሓደ ካብ ጉዳይም መሃንድሳት ኣካል ህንጻ፡ “ብዓበይቲ ደናጉላ ዝተዓጽወን ተጠዊኻ ዘይተሓልፍ ጸቢብን ብምንባሩ፡ ዝዓበየ ስራሕ ተኻዩዱሉ።”

ኣብዚ'ውን እቲ መሰረታዊ ጉልበት ናይ ተዓለምቲ'ዩ ነይሩ። ከኣታት መሳርሒ ብዓይነቱን ብብዝሒን ካብቲ ናይ ጉሬቶ ብዙሕ ምምሕያሽ ኣይነበሮን። ዝርካቡ ኣፍራዛ፡ ባዴላን ማኮታትን ምስቲ ሰለስተ ሓይሊ ዝኸውን ጉልበት፡ ኣዝዩ ስለ ዝውሒደ፡ ኣብ ሓንቲ መሳርሒ ዓሰርተ ሰባት ይሰርሑ ነይሮም። መብዛሕትኡ ሰብ ብኣእዳው'ዩ ፈሕተርተር ዝበል ነይሩ። መስኪኖ ዕንጸይቲ ኾና ብሓጺን ኣይተተከኣን። እታ ዝለዓለት ሓዳስ መሳርሒ ከቢድ እምኒ ንምክርራው እትሕግዝ በንዳ ጥራይ ነይራ። ከይነኽራርዎ ምሓር ከቢድ፡ ብሞኣ ከይሰበር ኣዝዩ ተሪር ዝኸውን እምኒ፡ ኑዩም ቀዳሞት ከፈቲ መንገዲ ሸግር ይኸውናም ነይሩ። እንተኾነ፡ ሸግር ኣደ ብልሓት እንድያ፡ ደብላካቱ። ኑቲ ምስጋር ዝኣበየ እምኒ ዓርሞ ኣጉዶም የርሰንዎ'ሞ፡ ዝሑል ማይ የፍስሱሉ። ምስ ነቕዐ ከኣ ብሞኣ ሰይርም ደብታትኑዎ። ከምዚ ኢሉ ከኣ፡ ማስመር ዓገት ፈልከት፡ ትርጉም ብዘለዎ መኣርሒ ከይተደገፈ፡ ብኸቱር ርሃጽ ተጋዳላይ ጥራይ ተኸፊቱ።

እቲ ማስመር'ቲ እናተሰርሐ እንከሎ፡ ካብ ማህሚመት ክሳብ ዒን (ንኣስታት 300 ኪ.ሜ) ዝዝርጋሕ “ጽርግያ ሓርነት” ድሮ ተጀሚሩ ነይሩ። ኣብ 1975 ኣብ ከበሳ ወተሃደራውን ውድባውን ንጥፈታት ጸዑቕ ስለ ዝነበረ፡ እቲ ማስመር'ቲ ህጹጽ ኣገዳስነት ነይርዎ። ምስ እቲ ዝነበረ ናይ መኣርሒ ሕጽረታት፡ እቲ ኣዝዩ ነዊሕ ማስመር ብዘውሓደ ጉልበት፡ ካብ 30 ዘይበዝሑ'ዩ ተቓኒዑ። ኣብ እቲ ማስመር'ቲ፡ ገረብ እናቖረጸኻ ምእላይ ሓደ ካብ ዓይነታዊ ስራሓት ነይሩ። እንተ'ኹነ ብሰንኪ ዋሕዲ ፋሶት፡ ኑቲ ዝሰሓወ ክመርጹ ክብሉ፡ ኣብ ለጥ ዝበለ ጉልገል ዘደድሊ ምጥውዋይ ይገብሩ ከም ዝነበሩ፡ ናይቲ እዋን'ቲ መሃንድሳት ይዝክሩ። የጉዳስ “ጽርግያ ሓርነት” ቅድሚ ምውዳእ ማስመር ፈልከት-ኣዝዛራ ኣብ ኣገልግሎት ወዲሉ።

ስራሕ ኣብ ማስመር ፈልከት-ኣዝዛራ እናቐጸለ እንከሎ፡ ኣብ መፋርቕ 1976 ይኸውን፡ ተዓለምቲ ካብ ስራሕ ጽርግያ ተሳሒቦ። ጨ/ህንጻ ሚኒእቲ ሓደስቲ ኣባላት ተወሲኾም ስለ ዝነበሩ፡ ዝተረፈ ስራሕ ብጉልበት ኑብሱ ክኢሉ ክቕጽሎ ተገዲዱ። ሽዑ ናቕፋ ኣብ ከበባ ኣትያ፡ ጸላኢ ኣብ ናሮ ብሄሊኮፕተራት ወሪዱ፡ ንከበባ ናቕፋ ክፍንጥስ ዝፍትነሉ ዝነበረ እዋን'ዩ። ስለዚ ቦጦሎኒ ሓደ፡ ካብ ከበሳ ብኣዝዛራ ንናሮ ክተርኽብ ይደሊ ስለ ዝነበረ፡ እቲ ስራሕ ብውተሃደራዊ ህጹት ይድርኽ ምንባሩ፡ መሃንድስ የውሃንስ (ሩሎ) ይዝክር። “ለይትን መዓልትን'ዩ ዝተዐደ'ቲ ስራሕ” ይብል ንሱ። “መዓልቲ ብበርሃን ጸሓይ፡ ለይቲ ብበርሃን'ቲ ኣብ ደንደስ ጽርግያ ብኣጉዶ ሓዊ።” ከም ኣሉዝሲ ፍረ ድኻሞምን ተወያፋይኑየምን ድማ፡ ቦጦሎኒ ሓደ ኣብ ግዜኣ ኣብ ወግኢ ናሮ ክተርኽብ ከኣለት።

ምህናጽ ጽርግያ ካብ ዝጅምር ኣትሒዙ ኣውራ ሓላኺ ሸግር ዝነበረ ናይ መኣርሒ ጉዳይ ምኻኑ ኩሉ ተገንዚቡዎ ነይሩ። ካብ ሱዳን ክዋዛእ ስለ ዘይከኣል ግን፡ ኣብ መጀመርታ 1976 ገለ ኣሃዱታት ህ.ግ. ካብ መኻዚኖታት መንግስቲ ኣብ ኣስመራ፡ “ከበቢ 2000 ዝኸውን” ባዴላታትን ኣፍራዛታን መለኪኖታትን መዝየዶ። እዚ መኣርሒታት'ዚ ኣብ ገለ ጽርግያታት “ብዙሕ ዝበለ ናይ ህዝበን ተዓለምትን ጉልበት ክንጥቀም ኣኽኢሉና” ይብል መሃንድስ ሃብተ ልኡል። ንኣብነት ቅድሚ ስትራተጂያዊ ምዝላቕ፡ ከተማታት ሐ.ገዘና ኣብ ደቡብ ኣብ ዘስፋሕፍሑሉ ግዜ፡ ካብ ዓላ ብዓዲ ሮሶ ኣቢሉ ምስ ደማስን ጋሕቴላይን ዘራኽብ ኣገዳሲ ጽርግያ ልዕሊ ሽሕ ተዓለምትን ማዕረ 1500 ዝኾኑ ህዝበን ብምውፋር ኣብ ሓሙሽተ ኣዋርሕ ክውዳእ ተኻኢሉ። ኣብቲ ግዜ'ቲ ገለ ኣረግቶት ደዛራትን ኮምፕሮሶራትን ካብ ጸላኢ ተወሲደን ስለ ዝነበራ፡ ናይ መኣርሒ ከኣታት ብተዛማዲ ክመሓየሽ ክኢሉ ነይሩ።




ላንድሮቨር ሰውራ ኣብ ዝጠን ጎቦታት ሳሕል


## ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

**ዋና ኣሰናዳኢ**

ብርሃነ ምሕረትኣብ

**ምክትል ኣሰናዳኢ**

ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቀ.ስ 116266 / 201820 (256)

**ቦርድ ምስንዳእ**

ዮሴፍ ሃይለማርያም

ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል

ተስፋኣለም የማነ

ቀ.ስ 201820 (250)

ፋክስ. 127749 - ቀ.ሳ.ጶ. 247

**ለይ-ኣውት**

ፍርቱና ኤፍሬም — ትንሱእ ፍስሃየ

ሳምራዊት ሃብተ — ሰሎሜ ኣፈወርቂ

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**

ቀ.ስ.163471-07588045

**ምልክታ**

ቀ.ስ 125013 - ቀ.ሳ.ጶ. 1284


## ብዛዕባ’ቶም 8 ወራራት እንታይ ትፈልጡ?

### ሻድሻይ ወራር–

ወፍሪ ቀይሕ ኮኾብ– ሻድሻይ ወራር ክፍላ ሰኒቲት - ሰ 1982 ዝተኻየደ ኩይኑ፡ ጸላኢ ናይ ግብረ ሃይላት ኣቃውማ ኣፍሪሱ ብእዝን ክ/ጦራትን ተወዲቡ። ኣብዚ ኣርባዕተ ብናይ ጎቦታት ውግእ ዝሰልጠኑ ተራራ ክ/ጦራት ማለት 18,19,21,22 ናብቲ ወፍሪ ጸንቢሩ (እቶም ኣብ ታሪኽ ሰራዊት ኢትዮጵያ ዝለዓለ ታዕሊም ዝጸገቡ ክ/ጦራት) ብጽንብል ፈስቲቫል ቀይሕ ኮኾብ (ባጽዕ) እቲ ወፍሪ ብወግዓውን እውጁን መንገዲ ብ15/2/82 ተጀሚሩ።

**ኣሰላልፋ ኣንፈት መጥቃዕትን ኣተገባብራ ናይቲ ወፍሪን**

1. ውቃው እዝ ግንባር ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል

- 15 ክ/ጦር ብወገን ደምባብዮት መሬት ሱዳን ተኸቲሉ ደጅን ህ.ግ. ምስ ሱዳን ዘራኽቦ ማስመር ክቖዕርጽ።
- 23 ክ/ጦር ብወገን ትሩሩቅ (ጥሩቕሩቕ ምስ 15 ክ/ጦር ክደጋገፍ)
- 19 ክ/ጦር ብፊት-ፊት መጥቃዕቲ ቀብርወኣት ክጥሕስ።

2. ናደው እዝ ግንባር ናቕፋ

- 3 ክ/ጦር ብወገን ኣግራዕ ተጠውዩ ንናቕፋ ካብ ደጀን ክገጽልን ናብ ናቕፋ ብድሕሪት ክኣቱን።
- 17 ክ/ጦር ብወገን ትክስ ኣርወ ኑ.ብ. (ሃጠቢ ብራኸ) 1702 (ሳልፈር) ሐዘ ናቕፋ ክኣቱ።
- 22 ክ/ጦር ብጽርግያ ናቕፋ ቀሃው ናይ ምኽብኻብ መጥቃዕቲ ክፍጽም።
- 18 ክ/ጦር መጥቃዕቲ ምስ ተጀመረ ናብቲ ግንባር ክድረብ።

ወጥን 6ይ ወራር ይቕጽል.....

# መዘናግዒ

ማርታ'ክብሮም

## ምስጢር ሕጉሳት ሰባት



ዶክተር ዴቪድ ኒቨን ደራሲ '100 ቀለልቲ ምስጢራት ሕጉሳት ሰባት' ዘርእስታ መጽሓፍ እዩ። ንሱ ኣብ መጽሓፉ፥ ሰባት ሕጉሳት ክኾኑ ከማልእዎም ዘለዎም ነጥብታት ኣቕሪቡ ነይሩ። ንሎሚ ንገለ ካብቶም ዝጠቐሶም ነጥብታት ከቕርብ ኢና፦

1. ኣዕሩኽ ኣጥሩ- ዝምድናታትካ ንምስፋሕ ምስ ጎረቤትኻን መሳርሕትኻን ዘለካ ርክብ ከተማዕብሎ ፈትን።

ኣንዳንድ ንጎረባብቱ ብዙሕ ኣይፈልጦምን እዩ። ብግዕዶ እንተ ርኢዩዎም ሰላም ክብሎም ይደሊ፤ እንተ ኾነ ኣብ ፊቱ ዘሎ ነዊሕ ሓጹርን ዝተዓጽወ መዓጹን ጥራይ እዩ። ኣንዳንድ ቅድሚ ቁሩብ ዓመታት ንስራሕ ክጥቀመላ ብምባል ኮምፒዩተር ገዚኡ ነበረ።

ሓደ መዓልቲ ኣንዳንድ ንብሱ ኢንተርነት ክትጥቀም ረኸቦ። ኣብ ዝተፈላለዩ መርበባት ብምእታው፥ ሰባት ብዛዕባ መጽሓፍትን ስፖርትን ዘለዎም ዝንባሌታት ንምዝርራብ ተኣኪቦም ከዕልሉ ረኸቦ። ምስ ሓደ ሰብ ድማ ብዛዕባ ሓደ ኣርእስቲ ተዛረረቡ። ምስኡ ብኮምፒዩተር ምዕላል ድማ ከስተማቕሮ ጀመረ።

ድሕሪ ሰሙናት፥ ምስዚ ሓድሽ ዓርኩ ዕላል ድሕሪ ምጅማሩ፥ ገዛ ኣንዳንድ ኤሌክትሪክ ብምጥፍኡ፥ ምስዚ ሓድሽ ፈታዊኡ ክራኸብ ኣይከኣለን። ኤሌክትሪክሲቲ ምስ ተዓረየ፥ ኣንዳንድ ንዓርኩ ክደልዮ ጀመረ ሕጂውን ኤሌክትሪክሲቲ ጠፍኡ።

ብዛዕባ እቲ ኩነታት ዝበረሞ ኣንዳንድ፥ ኺ ናይ ኢንተርነት ዓርኩ ብኣካል ክረኽቦ ስለዘወሰነ ዝቕመጠሉ ቦታ ክናድዮ ጀመረ። እዞም ክልተ ሰባት፥ ኣንዳንድ ድሕሪ ዝነበሮ ጸዕሪ ኣብ ሓደ ጎደና ዝሶበሩ ኮይኖም ጸንሑ። ስለዚ ኤሌክትሪክሲቲ ክትከይድ ከላ ኣብ ናይ ክልቲኦም ገዛ እያ ትኸይድ ነይራ።

ኣንዳንድ ካብዚ ዝተማህሮ ነገር እንተሃልዩ ኣብ ዓለም ዝተፈላለዩ ኣደነቕቲ ሰባት ከም ዘለዉ እዩ። እዚ ግና ክትረኽቦም ዕድል ምስ ትረክብ ጥራይ እዩ።

ምስ ካልኦት ሰባት ጥቡቕ ዝምድና ከም ዘለካ እንተ ተሰሚዑካ፥ ልዕሊ እቶም ምስ ካልኦት ጥቡቕ ዝምድና ዘይብሎም ሰባት ብዛዕባ ነብስኻ ጽቡቕ ስምዒት ክስምዓካ ዘሎ ተኽእሎ ብኣርባዕተ ዕጽፊ ይዛይድ።

2. ናይ ሓጎስ ስልቲ ተጠቐም፦ ሕጉሳት ሰባት ንኹሎም ክትሕጎስ ይገድፉዎ። ዘይሕጉሳት ሰባት ድማ ዘሕርቖም ወይ ሓጎስ ዘይህቦም ነገራት ካብ ምግባር ኣየቋርጹን።

ንኣሽቱ ቁልዑ ኣይሰከረም ክየገዙኣሎም ኣገዞዮም እዮም ዝርብሹ። ምኽንያቱ ምስ ኣዕገርግሩ ሰድርኦም ከም ዝገዝኡሎም ይፈልጡ እዮም። ህጻናት ሕግታትን መስርሕን ህይወት ይፈልጡ እዮም። ዝደልይዎ ነገር ንክረኽቡ ድማ ናቶም ስልቲ እዮም ዝጥቀሙ። ንስኻ ድማ ከምዚ ዓይነት ስልቲ ዝደለኻዮ ነገር ንምርካብ ተጠቀመሉ።

ሕጉሳት ሰባት ሓደ ዓወት ድሕሪ ሓደ ኣይረኽቡን ዝመጽኦም፥ ዘይሕጉሳት ሰባት ድማ ፍሽለት ኣብ ርእሲ ፍሽለት ኣይረኽቡን ዝመጽኦም። መጻናዕትታት ከም ዘሕብርዎ ሕጉሳትን ዘይሕጉሳትን ሰባት ሓደ ዓይነት ተመኩሮ ህይወት እዩ ዘለዎም። እቲ ፍልልዩ ዘይሕጉሳት ሰባት ብዛዕባ እቶም ዘጋጠሞምም ዘጸሓገሱ ነገራት ኩሎሱ ብዙሕ ግዜ የጥፍኡ። ብኣንጻሩ ሕጉሳት ሰባት ድማ ንመጻኢኦም ብሩህ ኣብ ዝዝሰቡ ሓበሬታታት ይምርኮሱ።

3. ኩሉ ግዜ ዕወት ክትከውን ኣይትጽበ፦ ኩሉ ግዜ ክዕወቱ ዝደልዩ ሰባት ንኹሉ ጉዕዞ ህይወቶም ከምቲ ዝጀመሩ ኣየስተማቕርዎን እዮም። እንተ ፈሺሎም ሕማቕ ይስምዖም፥ እንተ ተዓዊቶም ድማ እቲ ኩሉ ግዜ ኪጋጥም ዝጸበይዎ ነገር ስለዘኾነ ብዙሕ ዝተፈልየ ሓጎስ ኣይስምዖምን።

ውድድር ኣብ ህይወት ዘለካ ሓጎስ ዘጉድል እዩ። ምኽንያቱ ዝኾነ ተፈጻሚት ንብዩኡ እኹል ኣይኮነን። ፍሽለታት ድማ ኩሉ ግዜ ኣዕወቲ እዮም። ኣገዮም ተወዳደርቲ ሰባት፥ ዓወቶም ልዕሊ እቶም ፍሽለታቶም ዝዕቅኑ ሰባት ብትሑት ነጥቢ እዮም ዝዕቅንዎ።

4. መወዳደርትኻ ብጥንቃቐ ምረጽ፦ ኩሎም ኣብ ህይወትና ዝዕምዩና ዘሐጉሱን ዘየሕጉሱን ስምዒታት ንብስና ምስ ካልኦት ሰባት ኣብ እነወዳድረሉ እዩ ዝምርኮሱ። ንብስና ምስቶም ዝዩዳ ዘለዎም ምስ እነወዳድሮ ሕማቕ ይስምዓና። ምስቶም ዘይብሎም ምስ እንወዳድር ድማ ጽቡቕ ይስምዓና። ስለዚ ንብስኻ ምስቶም ህይወቶም ትርጉም ዘለዎን ምስኦም ክትህሉ ከለኻ ዕግበት ዝፈጥሩልካን ሰባት ጥራይ ኣወዳድር።

5. ክውንታዊ ትጽቢት ይሃልኻ፦ ሕጉሳት ሰባት ኩሉ ዝደልይዎ ነገር ኣይረኽቡን ዝረኽቡ፥ እንታይ ደኣ ነቲ ክረኽብዎ ዝኽእሉ ነገር ጥራይ እዮም ዝደልዩ።

ብኻልእ ኣበሃህላ ኣብ ኢደም ንዘሎ ነገር ኣወሃሂደም ድሌታቶም ይመልኡ። ሓጎስ ዘይብሎም፥ ኣብ ህይወቶም ክበጽሕዎ ዘይክእሉ ሸቶታት ብምስራዕ ንኹሎም ንፍሽለት ከም እትቃላዕ ይገብሩዎ። ዓበይቲ ሸቶታት ስሪዖም ናብኡ ዝበጽሑ ሰባት ልዕሊ እቶም ማእከላይ ሸቶ ዝሰርዑ ሰባት ሓጎስ የብሎምን።

ኣብ ስራሕ ዘሎ ቦታኻ ወይ ኣብ ገዛ ምስ ስድራ ቤትካ ዘለካ ዝምድና ኣብ ትማዓምጠሉ ግዜ ብሽሒ ናይ ሃብታማት ዓለምና ወይ ሓሳባውያን ስድራ ኣይትጀምር። ኣብ ክውንነት ንበርን ነገራት ምሉኣት ንክኾኑ ዘይካ ብሉጻት ንክኾኑ ጸዓርን።

6. ኣብ ነብስኻ እመን- ነብስኻ ኣትሓቲትካ ኣይትርኣያ። ምኽንያቱ ኣብ ነብስኻ ዘይትኣምን እንተ ኮይንካ ክትዓዪ ኣይትኽእልን ኢኻ።

ስቲፍ ፒቸር ኣብ 1972 ንሩዕ ተጻዋታይ ናይ ሊግ እዩ ነይሩ። ድሕሪ ሓደ ዓመት ግን፥ ኣብ ጸወታ ኻኑ ነበረ። ተጎዲኡ ድዩ? ኣይኮነን። ዝኾነ ዝመጸ ለውጢ ነይሩ ድዩ? ሓደ ነገር እዩ ተቐይሩ፥ ስቲፍ ብኣስት ዝበሮ ርእሰ ምትእምማን ኣጥፊኡ ነበረ። ብዛዕባ ኩሉ ዝሓለፈ ሕማቕ ነገራት ክሓስብ ብምጅማሩ ሕማቕ ክሰምዖ ጀመረ። ካብ ዝቐጸለ ግዜ ንሩዕ ተጻዋታይ ከም ዘይኮነ ድማ ክሓስብ ስለዝጀመረ ብቐዓቱ ጎደለ።

ኣብ ኩሉ ዕድመን ጉጅለን ኣብ ብቕዓትካ ምትእምማን ኣብ ህይወት ንዘለካ ሓጎስ ብ30 ሚእታዊት ከምዝወሰኽ ይገብር። ኣብ ቤትናን ስራሕናን ድማ ሕጉሳት ክንኸውን የኽእለና።

7. ምስ ስድራቤትካን ፈተውትኻን ግርጭት ኣወግድ፦ ወላ ቅሩዕ ሃሊኡ ምስ ፈተውትኻ ምትህልላኽ ወይ ምጽራር ጽቡቕ ኣይኮነን። እዞም ሰባት ልዕሊ እቲ ትዛረረበሉ ዘለኻ ኣርእስቲ ንዓኻ ኣገደስቲ ምዃኖም ኣስተውዕል።

ኣዓም ኩሉ ግዜ ቅኑዕ እዩ፥ ወይ ከምኡ እዩ ዝሓስብ። ኣብቲ ዝበረጨወሉ ግዜ ድማ ክሕግዞም ይደሊ። እቲ መልሶም ሶግው ዝሓየም ሕቶታት፥ ሓደ ጠበቓ ንሓደ ምስክር ገይጋኡ ንኸእመን ዝሓቶ ሕቶታት እዮም ዝመስሉ።

ኣዓም ዳርጋ ዝጠዘለ ግዜ ይዕወት እዩ፥ ካብ ዘስተውዓሎ ነገር ይንሕፎም። እቲ ጸገም፥ ምስክርት ኣዓም ኣብ ፍርዲ ከምዝቐርብ ገበናዊ ኣይኮነን፤ ግና ከም ዓርኩመሓዛ መጠን ዝተፈልየ ርኢቶ ዘለዎ እዩ። ገለ ካብ ኣዕሩኽቱ ምስ ኣዓም ምግርጫው ከምዝዋዋጽእ ይዛረቡ። ካልኦት ድማ ሓደ እርእስቲ ምስ ተላዕለ ግርጭት ወይ ዘይምስምማዕ መዓስ የጋጥም ስለዘይፍለጥ፥ ምስ ኣዓም ብፍጹም ዘይምዝርራብ ይመርጹ። ኣዓም ንኹሎም ንኣሽቱ ብድሆታት ሰዒርዎም እዩ። ኣብቲ ናይ ምምስሓል ዓለም ግና ተሳዒሩ እዩ። ምስኦም ንሱ ዝገደሰሎም ሰባት ደስ ዘብል ግዜ ክሕልፍ ኣይከኣለን።

ኣብ ዝምድና ቀጻሊ ምንቅቓፍ፥ ንዘለካ ሓጎስ ብሓደ ሰሶ ስለዘጉድል ምጥንቓቕ ዘድለ እዩ።

## እቲ ኮኾብ ሙዚቃ ሬገ

ቦብ ማርለ፥ ኣብ ወሽጢ ጃማይካዊት ደሴት ሴይንት ኣን ኣብ ዝተባህለት ገጠር፥ ካብ ጸለም ጃማይካዊት ኣደ - ሴደላ ማልኮልም፥ ጻዕዳ ጃማይካዊ ኣቦ ካፒተን ኖርቫል ሲንክለየር፥ ኣብ 1945 ተወለደ። እቶም ክልተ መጻምዲ ብዕድመ ኣይቀራረቡን ነበሩ፥ ኣደኡ ሴደላ ጓል 18 ዓመት መንእሰይ፥ ኣቦኡ ኖርቫል ድማ ኣብ መጀመርታ ሱሳታት ዕድመ ዝበረ እዩ። ኣቦኡ ግና ብህጻንነቱ ከሎ ስለዝበደፎ፥ ምስ ኣደኡ እዩ ዓብዩ። ኣብ ንኡስ ዕድመኡ ድማ ኣብ ማሕረስን ጉሰትን ክዋፈር ጀሚሩ። ኣብ ዕድመ ኩትትና ምስ በጽሐ ግን፥



ምስኦም ኣብ ሻውላት ግዝወቱ ዝተሳለዩም መንእሰያት ኣብ ስጉጥባብ ክስተፍ ጀሚሩ። ቀጺሉ ነዊሕ ከይጸንሐ፥ ካብ ሃገሩ ሓሊፉ ኣብ መላእ ዓለም ስሙ ክገንን ክኢሉ። እቲ ኮኾብ ሬገይ ቦብ ማርለ።

ኣደኡ ሴደላ ንወዳ ቦብ ኣብ ዝበጽሕ ንምብጻሕ ኣብ ናይ ሃብታማት ስድራ ከም ሰራሕተኛ ገዛ ኮይና ትሰርሕ ነበረት። ቦብ ወላ እኳ ሓያል ተማሃራይ እንተ ነበረ፥ ብሸነኺ ፍቕሪ መዚቃ ኣብ ማበል 14 ዓመቱ ትምህርቱ ኣቋረጸ። ምስ ሓደ ኸቢለ ኦራሊይ ሊቪንግስተን (ባኒይ) ዝተባህለ መንእሰይ ብምዃን ድማ ኣብ ሬድዮ ዝሰምዕዎ ደርፍታት ክደግሙ ጀሚሩ። ቀስ ብቐስ እውን መሳርሒ መዚቃ ተጠቒሞም ክደርፉ ጀመሩ። ከም ውጽኢቱ ቦብ ኣብ ማበል 16 ዓመቱ ብውልቁ ሰለስተ ንጹል ደርፍታት ከሕትም ከኣለ።

ጸኒሑ ከኣ ቦብ ምስ ገለ ስጉጥባውያን ብምኻን ወይለርስ ትብል ጉጅለ ኣቘመ። ኣብ መጀመርታ 1964 "ሲመር ዳውን" ዘርእስታ ቀዳመይቲ ደርፊ ናይ'ዛ ጉጅለ ወጸት። እታ ደርፊ ንክልተ ወርሒ ካብ ቀዳማይ ደረጃ ከይወረደት ቀጸለት። ቦብን ወይለርስን ከኣ ከምኡ'ውን ኮኑ።

ድሕሪ'ዚ ኣከታቲሎም "ካች ኤ ፋየር"፥ "በርኒን"፥ "ናቲ ድሬድ፥ "ራስታማን ቫይብረሽን"፥ "ሶማይል ጃማይካ"፥ "ኤክሶዶስ"፥ "ዋን ላቭ ጃማይካ" ዝበሃሉ ካልኦትን ኣልበማት ኣሕተሙ። ብዚይካ እዚ ካብ ጃማይካ ሓሊፎም ናብ ለንደን፥ ፈረንሳ፥ ካናዳ ኣመራሪሖን ካልእ ብዙሕ ክፋላት ዓለምን ብምኻድ ምርኢት የቕርቡ ነበሩ።

ቦብ ኣብቲን ሓጻር፥ ዕድመኡ ብዙሕ ዓበይቲ ሽልማታት ክቕበል በቒዑ እዩ። "ናይ ጃማይካ ዝበለጸ ብዓል ሞያ" ተባሂሉ ተረቒሑ። ኣብ 1976 ጉጅለኡ ዝበለጸት ባንድ ተባሂላ ንሽልማት ሮሊንግ ስቶን ሚጋዚን ክትዕወትሉ ክኢላ። ኣብ 1978፥ ንሳልሳይ ዓለም ናይ ሰላም ዝወሃብ መዳልያ ካብ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ክቕበል በቒዑ። ብዚይካ እዚ፥ ንሽልማት ግራሚ ኣዋርድ ክዕወትሉ ክኢሉ እዩ።

ቦብ ካብ ዝተፈላለየ ደቂ ኣንስትዮ ትሸዓተ ቆልዑ ከም ዝወለደ ይንገር።

ቦብ ማርለ፥ ኣብ 1981 ብሕማም መንሸሮ ኣብ ማበል 36 ዓመቱ ሞተ። ድሕሪ ሞቱ ህቡብነቱ ክጎድል ዘይከኣለ ቦብ፥ ክሳብ 1991፥ ጉጅለኡ ወይለርስ ልዕሊ 21 ሚልዮን ቅዳሓት ክሸጡ ክኢሎም እዮም።

ቦብ ማርለ፥ ናይ ፊለማ ተኸታታሊ ዋሕዚ ዘለዎ መዚቃ ሬገይ ዝርገሐ ብምኻኑ፥ ኣብ ዕዳጋ መዚቃ ዓለም ንሰላሳ ዓመታት ዝቐጸለ ጽልዋ ከሕድር ክኢሉ እዩ።

## ሱዶኩ

ኣገባብ ኣወጻውታ፦ ኣብ'ተን ሰለስተ ብሰለስተ ዘለዋ ትርብዒት፥ ንትኹልን ንጋድምን ንሲያፍን ካብ 1-9 ቁጽሪ ሓንሳብ ይጸሓፍ። ቁጽሪ ምድጋም ኣይፍቀድን።

ኣዳላዊ ፦ ሰለሞን ተኽለማርያም (ራጁ)

**ሕቶ ስዶኩ ቁ.1**


| | | | | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|---|---|
| | | 5 | | | | | | 9 |
| 6 | | 4 | | 7 | | | | |
| | | | 9 | 4 | | | 6 | 8 |
| | | | 2 | 8 | | | 5 | 7 |
| | 7 | 8 | | | | | | |
| 1 | | | | 9 | | | | |
| | 4 | | 8 | | | | 3 | 2 |
| | | | 3 | | | 6 | | |
| 2 | 1 | | | | 7 | | | |




# ጽልዋ ክሊማዊ ለውጢ ኣብ ጸጋታት ማይ ሃገርናን ከባቢናን

በረኸት ሞሳዝጊ
ክፍሊ ሃብቲ ማይ (ሚ/መ/ማ/ኣከባብን)

ማይ፡ መሰረት ህይወትን ማሕበረ-ቁጠባዊ ዕብየትን እዩ። ኣብዚ ግዜ፡ ዝያዳ ካልእ ብሳዕቤናት ክሊማዊ ለውጢ ብኣሉታ ይጽሎ ኣሎ። ብደረጃ ዓለም ዘጋጥም ዘሎ ብድሆታት ብሓፈሻ፡ ኣብ ምምዕባል ዝርከባ ሃገራት ድማ፡ ብፍላይ ውሑስን ጽሬቱ ዝሓለወን ቀረብ ማይ እዩ። ስታቲስቲካዊ ጸብጻብት ከም




ዝሕብርዎ፡ ዜጋታት እዘን ዝተጠቕሳ ሃገራት ሓደ ካብ ሰለስተ ጥራይ ጽሩይ ማይ ከም ዝረኽቡ የመልክት። እዚ ብድሆ'ዚ፡ ብፍላይ ኣብቶም ትሑት ደረጃ ቁጠባዊ ዕብየት ዘለዎም ሕብረተ-ሰብ ዜጋታት ኣብ ምምዕባል ዝርከባ ሃገራት ዝርአን። እዚ ምስ ብድሆታት ክሊማዊ ለውጢ ተደሚሩ ኣብ መነባብሮኦም ከቢድ ጾር ይኸውኖም ምህላዉን ይሕብር።


ደርቂ

ዝተፈላለዩ መጽናዕትታት ከም ዘመልክትዎ፡ ብደረጃ ዓለም ኣስታት 2.2 ቢልዮን ህዝቢ ውሑስን ጽሩይን ማይ ዘይረክብ እዩ። እቶም መጽናዕትታት ብተወሳኺ፡ ሳዕቤናት ክሊማዊ ለውጢ ብኸምዚ ዘለዎ ደረጃ እንተ ደኣ ቀጺሉ፡ ኣብ 2050 ኣስታት 5.7 ቢልዮን ካብ ህዝቢ ዓለም፡ ኣብ ዓመት ብውሑዱ ንሓደ ወርሒ ሕጽረት ማይ ኬጋጥሞም ከም ዝኽእል ይእምቱ። እዚ ከም ዘለዎ ኮይኑ፡ ክሊማዊ ለውጢ ንምምካት ኣብ ዝገበሩ ንጥፈታት፡ ዓለማዊ ዋዒ ካብ'ዚ ሕጂ ዘለዎ ደረጃ ብ1.5 ሰንቲ ግሬድ እንተ ደኣ ጉዲሉ'ሞ፡ ኣብ ደረጃ ናይ'ቲ ቅድሚ መዋእል ኢንዱስትርያዊ ሰውራ ዝነበረ መጠን ተደሪቱ ደው ኢሉ፡ ጸቕጢ ሕጽረት ማይ ካብ'ዚ ሕጂ ዘሎ ብ50 ሚእታዊት ክጐድል ተኽእሎ ምህላዉ፡ እቶም መጽናዕትታት ወሲኾም ይሕብሩ።

ሃገርና ኣብ ደረቕን ሓውሲ ደረቕን ክሊማ ዘለዎ ዞባ ሳሕለ ሳህራ እያ ትርከብ። እዚ ዞባ'ዚ ኸኣ፡ ኣብ ባህርያት ዝናብ ብዮዘን ቦታን ኣዝዩ ቅልጡፍ ምቅይያር ዝርአየሉ እዩ። ኣካል እዚ ዞባ ዝኾነት ሃገርና ኸኣ፡ ምስ ጂኦግራፍያዊ ቅርጺ መሬታ ዝተኣሳሰረ፡ ዝተፈላለዩ ንኡሳን ክሊማዊ ዞባታት ዝዓደለት እያ። እዚ ዝተጠቕሰ ባህርያዊ ኩነታት ኣብ ግምት ብምእታው፡ ንዝለዋ ትሕዝቶ ጸጋ ማይ፡ ክሊማዊ ለውጢ ብዘኸትሎ ሓደጋታትን ሳዕቤናቱን፡ ብኸላ ማይ፡ ዕንወት ኣብ ትሕተ-ቅርጺ ጽላት ማይ፡ ምምላእ ደብዕት ከዘንቲ ማይ፡ ወዘተ፡ ዝተቓልዑ ይገብሮም። ጽልዋ ክሊማዊ ለውጢ ብዝይካ'ዚ፡ ዓመታዊ እንረኽቦ መጠን ዝናብ፡ ዝርግሐኡ ብቦታን ግዜን፣ መጠን ትሕዝቶ ጽፍሓዊ ውሓዝን ትሕተ-ባይታዊ ማይን ዝያዳ ኣጉሊሑ ክርእየና ጀሚሩ ኣሎ።


ኣብ ዝሓለፉ 30 ክሳብ 60 ዓመታት ዝተኣከቡ ሓበሬታታት ዝናብ ከም ዘመልክትዎ፡ ግምጋማዊ መጠን ዓመታዊ ዝናብ ኣብ ኸፍሲ-ወከፍ ዕቑድ ገለ ክፋል ደቡባውን ምብራቓውን ኣፍሪቃ፡ ካብ 5 ክሳብ 50 ሚ.ሜ ከም ዝጸደደ የረድእ። ብፍላይ ኣብ ምብራቕ ኣፍሪቃ ኣተኩሮም ዝተኻየዱ መጽናዕትታት፡ ኣብ መወዳእታ ናይ'ዚ ዘለናዮ ዘመን፡ ተርእዮታት ደርቂ ክንኪን ብኣንጻሩ ጥሉል ክራማት ከውሰኽን ከም ዝኽእል ይእምቱ። እዚ ምስቲ ኣብ ዝሓለፉ 30 ክሳብ 60 ዓመታት ዝተራእየ ምድግጋም ደርቅን ዕልቕልቕን ብምዝማድ፡ ዘይንቡር ባህሪ ዝናብ ዝፈጠሮ ምኻኑ'ዩ ዘጽር።

ኤርትራ እትርከቦ ዞባ ምብራቓዊ ኣፍሪቃ፡ ኣንፈት ዝናብ ብዮዘን ቦታን ኣዝዩ ዝተፈላለየ እዩ። ኣብ ዝሓለፈ ዘመን ዝተኣከበ ሓፈሻዊ ሓበሬታ ሜትሮሎጂ ዝናብ፡ ዋዒን ምልኣት ጽፍሒ ባሕርን ከም ዘመልክቶ፡ ኣብ'ዚ ዝሓለፈ 30 ዓመት ዘይንቡር ክብሪን ለጠቐን መጠንን ዝርግሐን ዝናብ ዝተረኣየሉን ከም ወጽኢቱ ድማ፡ ካብቶም ብርኡይ ዝተመዝገቡ ጽልዋታት ክሊማዊ ለውጢ ሓደ ምኻኑን የመልክተልና። ብተመሳሳሊ፡ ኣብ መሬታዊ ክፋል ኤርትራ መጠን ሙቐት ክውሰኽ እንከሎ፡ ኣብ ዝሓለፉ 60 ዓመታት፡ መጠን ዓመታዊ ዝናብ ኣብ ዝሰፍሐ ክፋል ኤርትራ ካብ 10 ክሳብ 150 ሚ.ሜ ሕጽዩ። ኣብ ማእከላይ ክፋል ገማግም ባሕሪ ግን፡ ዓመታዊ ናይ ኣስታት 40 ሚ.ሜ ወሰኽ ኣርእዩ። እዚ ከምዚ እናኾነ፡ ካብ 1992 ዓ.ም ክሳብ 2012 ዓ.ም ዝተኣከበ ወሰን ሓበሬታ መጠን ጽፍሒ ባሕሪ ኣብ ቀይሕ ባሕሪ፡ ኣብ ነፍሲ-ወከፍ 10 ዓመት፡ ናይ 2 ሰንቲ ሜትር ብራኸ ኣርእዩ። እዚ ኣብ ቀይሕ ባሕሪ ዝተራእየ ወሰኽ መጠን ጽፍሒ ማይ ባሕሪ ምስቲ ካብ 1901 ክሳብ 2010 ዓ.ም ዝተመዝገበ ዓለማዊ ወሰኽ መጠን ጽፍሒ ባሕሪ ተመሳሳልነት ኣለዎ።

ትሕተ-ባይታዊ ማይ ሃገርና ኣብ ቀረባ ዕምቈት ስለ ዝርከብ፣ ትሕዝቶኡን ብቑዓቱን መጠን ዓመታዊ ዝርግሐ ዝናብ ብቐጥታ፡ ውሓዚ ማይ ድማ ብዝተዛዋወረ መንገዲ ኣዝዩ ዝተጸልወን ቅልጡፍ ምልክታት ለውጢ ዝርኢ'ን'ዩ። ዋላ'ኳ ጽልዋኡ ብሃገር ደረጃ ብደቂቕ ንምምዛን ዝያዳ ዝጸዓየ መጽናዕቲ ዘድልዮ እንተኾነ፡ ኣብ ዝተወሰኑ ከባቢታት ሃገርና ዝተኻየዱ መጽናዕትታትን ዝተኣከቡ ናይ ምክትታልን ካብ ህዝቢ ወይ ተጠቀምቲ ዝተረኽቡ ትዕዝብትታን ሓበሬታታትን ምርኩስ ብምግባር፡ ኣብ ጽፍሒ ዕቑር ትሕዝቶን ብቑዓትን ትሕተ-ባይታዊ ማይ ሃገርና ዘተሓሳስብ ምንቅልቃል ይርአ ኣሎ። እዞም ዝተጠቕሱ ጽልዋታት ብዝይካ'ዚ፡ ኣብ ማእከላይ ክፋል ሃገርና ካብ ሰሜን ክሳብ ደቡብ ዝዝርግሐ መንገዓዊ ቅርጺ ዘለዎ ሓውሲ ጥሉል፡ ደረቕ፡ ሓውሲ ደሩቕን ከበሳን ምስኡ ዝተኣሳሰሩ ምብራቓውን ምዕራባውን ኣጻድፍ፡ ምብራቓዊ መታሕት (መታሕት ቀይሕ ባሕሪ) ድማ፡ ብዝተዋግደ ዝለዓለ ኩይኑ ተመዝጊቡ ንረኽቦ።

ከቦታት ሃገርና ኈቦታትን ሰንጭሮታትን ብዝበዝሖ ቅርጺ መሬት ዝተዓበለለ እዩ። ስለ ዝኾነ፡ ኣብ ሓጺር ግዜን ብዝበዝሕን ዝረኽቦ ክፋል ዝናብ ዝበዝሐ ክፋሉ ብውሓዚ ኣቢሉ ዝዕዝር'ዩ። እዚ ድማ ነቲ ናብ ትሕተ-ባይታ ክዝርቕ ዝግባእ መጠን ዝናብ ኣዝዩ ድኑት ከም ዝኸውን ይገብሮ። መሬት ከቦሳ ሃገርና ህዝቢ ብጽዑቒ ዝነብሮ ቦታ ከም ምኳኑ መጠኑ በዚ መንጽር፡ ኣብዚ ከቢ ንጥፈታት ዝተፈላለዩ ማሕበረ-ቁጠባዊ ዘማልእ ጠለብ ናይ ማይ ልዑል ይገብሮ።

ምብራቓዊ መታሕትን ምስ ባሕሪ ዝተኣሳሰረ ቅርጺ መሬትን ከምኡ'ውን ልዑል ደረጃ ተመርኳሲኡዮም ኣብ ጽፍሓዊ ዋሕዚ ማይ ከቦታት ዝኾኑ ወሰኑን ዕቑር ጸጋጋት ትሕተ-ባይታዊ ማይ፣ ክሊማዊ ለውጢ ኣብዚ ዝኾነሉ ቀዳማይ ነጥቢ፡ ምንካይ መጠን ህብታመ ማይ፡ ካልኣይ ምውሳኽ ብራኸ ጽፍሒ ባሕርን ንዕኡ ሰዒቡ ዝርአ ወራር ጨዋም ማይ ባሕርን እዮም። ብተወሳኺ፡ ዘይውሁድ ምሕደራ፡ ዘይውሕሉል ኣጠቓቕማን ትሑት ወፍሪ ኣብ ምዕቃብን ምህብታምን ጸጋጋት ማይን ካልኦትን እውን ኑቶም ምስ ክሊማዊ ለውጢ ዝተኣሳሰሩ ሓደጋታትን ሳዕቤናትን ዝተሓላለኹ ካብ ዝኾኑ ዝዑብርዎ እዮም።



ዑደት ማይ

ኣብ ዝሓለፉ ክልተ ዓሰርተ ዓመታት፡ ኣብ ዝበዝሐ ክፋል ጠለብ ማይ ዝተፈላለዩ ማሕበረ-ቁጠባዊ ንጥፈታት ዝሸፍን ትሕተ-ባይታዊ ምንጪ ማይ ዝተራእየ ምንቅልቃል፡ ትሕዝቶን ብቕዓትን ብሓፈሻ፡ ኣብ ምውሓስ ቀጻልነት ዘለዎ ውሑስ ምሕደራ ጸጋታት ማይ ብፍላይ ከኣ ኣገልግሎት ቀረብ ማይ ሓደ ካብ ዓበይቲ ብድሆታት ኩይኑ ጸኒሑን ዝቕጽል ዘሎን'ዩ። ከም ሳዕቤኑ ቀረብ ማይ ከተማታትን ዓድታትን ንምውሓስ ዘድልየን ወፍሪን ዝሓተቶ ባጀትን ካብ ዓቕሚ ህዝብን መንግስትን ንላዕሊ ይኸውን ኣሎ። ምስ ምንቅልቃል ትሕዝቶን ብቕዓትን ትሕተ-ባይታዊ ማይ፡ ማይ ንምጉዕዛዝ (ንምቕራብ) ዝድለ ጠለብ ጸዓት እውን እናለዓለ ስለ ዝኸይድ፡ ኣብ ዋጋ ፍርያት ዝተፈላለዩ ኣገልግሎታት ዝተዓጻጸፈ ክብሪ ክፈጥር ጸኒሑን ኣሎ። ኣብቶት ወጽኢት ናይዚ ዝተጠቕሰ ጽልዋ ዝኾኑ ቦታታት ሃገርና ከም ጽልሙ ዓሉ ዛዕሮ-ጻሮና፡ ሓጋዚ ወዘተ፡ ከኣ ምጥቃስ ይከኣል። ኣብዘን ዝተጠቕሳ ከባቢታት ዝነብሩ ሓረስቶት፡ ጽፍሓውን ከምኡ'ውን ኣብ ሓጺር ርሕቀት ፍሒሮም ብዝረኽብዎ ማይ ተጠቒሞም ብርኩት ምህርቲ ይረኽቡ ምንባሮም'የም ዝሕብሩ። ኣብዚ ግዜ ግን ኣብዚ ከቢ ትሕተ-ባይታዊ ማይ ንምርካብ ዝኮዓቱ ዘለዉ ዒላታት ክሳብ ክንደይ ኣህለኽትን ኣጥፈኣትን ጸጋታትን ምኻኖም ንምግላጽ፡ "ገዝዑብ ዓሉ ንዒላ" እናተባህለ ይዝረበሎም ኣሎ።

ምንካይ ወይ ምንቅልቃል ትሕተ-ባይታዊ ማይ ብመንጽር ምውሳኽ ጠለብ ማይ ብዓይነ ዝተፈላለዩ ጥቕምታት ክርአ እንከሎ፡ ኣብ መጻኢ ምስ ተጠቃምቲ ማይ ኣብ ዝተኣሳሰሩ ግርጭታት ምሕደራ ሃብቲ ማይ፡ ተወሳኺ ጸቕጢ ክፈጥሩ ዓቢ ተኽእሎ ኣሎ።

ጽላት ማይ ንዝተፈላለዩ ጽላታት ዝጸሉ ብምኳኑ፡ እዚ ንሓደጋታትን ሳዕቤንን ክሊማዊ ለውጢ ሰፊሕን ዝተሓላለኸን ይገብሮ። መንግስትን ህዝብን ዚ ክውንነት ብምርዳእ፡ ኣብ ስርሓት ምፍዋስ ማይ ክዑ፡ ምዕቃብ ሓመድን ማይን ዘካይድዎ ዘለዉ ወፍሪ፡ በዓብ'ቕሙ ኮማዊ ሰረት ሐዙ ይቕጽል እኳ እንተሎ፡ ጽልዋ ክሊማዊ ለውጢ ግን ዓቢን ቅልጡፍን ብምኳኑ ብዝተወሃሃደን ኣድማዒን ናይ ትግባረ መደባት ክንገጥሞ ዘለና'ዩ። ብተወሳኺ፡ እቶም ከም መምርሒ ስራሕ ዘገልግሉና፡ ጽላታዊ ፖሊሲ፡ ሕጋጋት፡ መርሓ ወጥናት፣ ስትራተጂታት፡ ዳህሳስ ትግባረ ወጥናት፣ ምሕደራ፡ ኣጠቓቕማን ልምዓትን ኣብ ወደዓውን ከውንነታውን ሓበሬታ ጽልዋ ክሊማዊ ለውጢ ኣብ ጸጋጋት ማይ መሰረት ብምግባር፡ ኣብ እዋኑ ኣድላዪ ክለሳን ምምሕያሽን እናተገብረሎም ብቑጻሊ ክሰርሓሎም ይግባእ። ኣብዚ ከበርህ ዘለዎ፡ ጽልዋ ክሊማዊ ለውጢ ብዝናጸል ክምኡት ዝኽእል ኣይኮነን። ስለ ዝኾነ ኣብ ቃልሲ ክሊማዊ ለውጢ፡ ኤርትራ ከም ሃገር እጃማ እናገበረት፡ ዞባውን ኣህጉራውን ሽርክነታ ብምሕያል ክትሰርሕ ይግባእ። በዚ ኣጋባብ (መንገዲ) ብሓባር ብምስራሕ፡ ንጽልዋ ክሊማዊ ለውጢ ዘይንብድሃሉ ወይ'ውን ዘይንድሕሉ ምኽንያት የለን።


ምምኳኽ በረድ

ምኽንያቱ፡ ዘለዉ ምዕባለን ዕብየትን ከየውሓስካ፡ ከቡብያዊ ውሕስነት ምፍጣር ስለ ዘይከኣል።

## ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 09:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 09:05 | ድራማ |
| 09:35 | ፊዮሪና |
| 10:20 | ፓኖራማ |
| 11:00 | ማእገር |
| 13:00 | ዶክተራት ኣብ ስትድዮ ቀጥታ |
| 13:40 | ቀስተ-ድሕነት |
| 14:00 | ሞዛይክ |
| 16:30 | እንዳ ዝማም |
| 17:05 | ሃብቲ ባሕሪ |
| 17:20 | ፊልም ፈንቅል |
| 17:55 | መደብ ዋልታ |
| 18:35 | ህርመት |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:13 | ፊልም እትመት |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | መኽፈቲ በዓል ናጽነት ኣብያተ ትምህርቲ ዞባ ማእከል |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ዘዋሪት ካሜራ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |

(ሰኑይ )

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ድራማ |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ዕላል ጥበባት |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:45 | ሄሎ ደባይዋ |
| 15:30 | ዶክመንት |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ጥበብ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | ደረት ቃና |
| 19:15 | መደብ ሳይዳ |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | ሰሙናዊ ፍጻሜታት ስፖርት |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ደሃይ ሕትመት |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ዳህሳስና |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |


34th ANNIVERSARY OF THE ERITREAN INDEPENDENCE
1991 2025
መስመርና ድርዕና !
خطنا .. درعنا المنيع !
Our Cohesion: Our Armour!
NATIONAL HOLIDAYS ORGANIZING COMMITTEE

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

1ይ ደረጃ ቤት ፍርዲ ተሰነይ

ወ/ሮ ጆምዓ ኣደም እድሪስ ስም ወላዲተይ ኣምና መሓመድኑር መሓመድ ምባል ተሪፉ ሶፍያ ሮመዳን ሰዒድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት ዝቃወም እንተሎ ን31/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ታብቱ ሰለሙን ገብረኪዳን ኣቦይ ሰለሙን ገብረኪዳን ተኽለሃይማኖት ፣ ስለዝዓረፈ ኣነ ምስ 9 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና የረጋግጸልና ስለዝበለት ዝቃወም እንተሎ ን22/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ጆምዓ ኑርሑሴን ሓምድ ወዳይ ዓወት ሳልሕ ሰዒድ ስለዝተሰወአ ሓዳር ይኩን ወላድ ስለዘይብሉ ኣነ ጥራይ ወራሲት ንዃነይ ደረጋግጸለይ ስለዝበለት ዝቃወም እንተሎ ን26/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ዑቕባይ እምኑ ገብረመድህን ጓለይ መርሃዊት ዑቕባይ እምኑ ስለዝተሰወአት፡ ሓዳር ይኹን ወላድ ስለዘይብላ ኣነ ወላዲኣን ወላዲታን ጥራይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ ዝቃወም እንተሎ ን26/5/25 ኣብ ቤ/ፍርዲ ይቕረብ።

1ይ ደረጃ ቤት ሰንዓፈ

ተስፋጋብር ገብረየሱስ ኣደይ ወርቅነሽ ገብሩ ሃይሉ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለ ዝቃወም እንተሎ ን13/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

1ይ ደረጃ ቤት ፍርዲ ሃይኮታ

ወ/ሮ ፋጥማ መሓመድ ኣደም ሳልሕ በዓል- ቤተይ ሳልሕ እስማዒል ኣደም፡ ስለዝተሰወአ ንዓይ ናይ መጸምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ 2 ደቀይ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት ዝቃወም እንተሎ ን28/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ጆሚላ ጆምዓይ ስም ወደይ ሸሪፍ የሱፍ ኣልኣሚን ምባል ተሪፉ ሸሪፍ እድሪስ ከራር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት ዝቃወም እንተሎ ን29/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

መሓመድዓሊ ሳልሕ ኣርሃ ምባል ተሪፉ መሓመድ ዓሊ ሳልሕ ዑመር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ ዝቃወም እንተሎ ን28/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

1ይ ደረጃ ቤት ፍርዲ ኣቑርደት

መሓመድ ሳልሕ ዒበከር ምባል ተሪፉ መሓመድ ሳልሕ ኣብብከር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ ዝቃወም እንተሎ ን12/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

መንግስቱ ክፍለ ይሕደጎ ምባል ተሪፉ መንግስትኣብ ክፍለ ይሕደጎ ተባሂሉ ይተኣረመይ ስለዝበለ ዝቃወም እንተሎ ን 2/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣምና ያሲን እስማዒል ወደይ ሰዒድ ብላል ዓብደላ ምባል ተሪፉ ሰዒድ ብላል ከድር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት ዝቃወም እንተሎ ን2/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣምና ያሲን እስማዒል ወደይ ሸረፈዲን ዑምዳ ዓብደላ ምባል ተሪፉ ሸረፈዲን ብላል ከድር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት ዝቃወም እንተሎ ን2/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣምና ያሲን እስማዒል ጓለይ ፈራሓ ዑምዳን ዓብደላ ምባል ተሪፉ ፈራሓ ብላል ከድር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት ዝቃወም እንተሎ ን2/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣምና ያሲን እስማዒል ወደይ ሳልሕ ዑምዳ ዓብደላ ምባል ተሪፉ ሳልሕ ብላል ከድር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት ዝቃወም እንተሎ ን2/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

እድሪስ ሳልሕ ያቆብ ምባል ተሪፉ እድሪስ ሳልሕ ኣደም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ ዝቃወም እንተሎ ን2/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሪም ናስር ሳልሕ ምባል ተሪፉ ወፋእ ናስር ሳልሕ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት ዝቃወም እንተሎ ን2/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ትብርህ ኣርኣያ ተዛረ ጓለይ ኣለን ግላ ጎሉም ምባል ተሪፉ ኣለን ተኽለ ጉልዑም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት ዝቃወም እንተሎ ን2/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣብ ኣስመራ ን/ዞባ ኣቸሻውል ከባ. ሓደሽ ዓዲ ቁፓርሰል ASP00012913 ዝርከብ ብመለለዪ ገዛ ASD00014497 ዝፍለጥ ኣብ ቤ/ጽ/ፓብሊክ ኖታሪ ብቁጽሪ ውዕል 7.029 ብንብረት ቁ.መዝ/7029/25 ብስመይ ዝተመዝገበ ገዛ ስለዝሸጥናዮ፡ናብ ስም ዓዳጊት ከመሓላልፎ ስለዝደለና ዝቃወም እንተሎ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት ሕጊ ብዝእዝዞ መሰረት ኣብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መአገዲ ትእዛዝ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ካዳስተርን ይቕረብ። ተቓውሞ እንተዘይ ቀሪቡ ግና ኦርጂናል ሰነዳትና ኣቕሪብና ጉዳይና ከፈጽም ምዃንና እሕብር።

ኣቶ ግርማይ ተኽለ ማና

ንሕና ወረ/ነፍ/ኣብርሃ ገብረሚካኤል ጎይትኦም ዘሎና እቲ ኣብ ዞባ ማእከል ኑ/ዞባ ጸጸራት ምም/ከባ. ቤት መኖሪ ዚ.ፕ ኮድ 1-A-184 ዝርከብ ካብ ወላዲና ብወርሲ ዝረኸብናዮ ኣብ ቤት ጽሕፈት ከምሽን ኣባይቲ ብቁጽሪ ምስክር ወረቐት112101 መወከሲ ቁጽሪ 135900 ብስም ወላዲና ነፍ/ኣብርሃ ገብረሚካኤል ጎይትኦም ዝተመዝገበ መንበሪ ገዛ ናብ ስምና ክሕልፍ ስለዝደለና ዝቃወም እንተሎ ኣብ ምልክታ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ሕጊ ብዝእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መአገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳኔ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓፕሊክ ኖታሪ የቕርብ።

ኣቶ መሓሪ ኣብርሃ

ኣነ ዓዳጊት ኣበባ ሃይለ ገብረወልድ ኣብ ኣስመራ ን/ዞባ ጎዳይፍ ዚ.ፕ 1A714/100/457 ስፍሓት መሬት 94.00 ቀጽሪ ምዝገባ ፓብሊክ ኖታሪ 8434/2025 ብስም ተስፋልደት ተስፋሚካኤል ዑቕቡ ተመዝጊቡ ዝርከብ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ ብምሻጣ ከመሓላልፍ ስለ ዝደለኹ ዝቃወም እንተሎ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ሕጊ ብዝእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መአገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳኔ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪ ቤ/ጽ ሃገራዊ ካዳስተር ይቕረብ እተዘይ ቀሪቡ ግን ኦርጂናል ሰነዳትና ኣቕሪብና ጉዳይና ከፈጽም ምዃንና ንሕብር።

ኣበባ ሃይለ ገብረወልድ

ኣብ ዞባ ዓንሰባ ንኡስ ዞባ ከረን ከባ. 05 ዚ.ፕ ኮድ - ፕሎት 100 ፐርሰል- ብመለለዪ ቁ/ንብረት 6:000207 ዝተመዝገበ ስፍሓት መሬት 16X5.5ት/ሜ ዝኾነ ዘይንቀሳቐስ ንብረት (ኣባይቲ) ካብ ወራሲት ነፍ/ሄር ሳልሕ ዕጃል ሙሳ ወ/ሮ ባልዋይት ሳልሕ ዕጃል ንበጽሒታ ብዝገበረቶ ኣብ 2009ዓ/ም ዝተፈጸመ ናይ መተኣማመኒ ሰነድ መሰረት፡ ብምሻጣ ንበጽሒታ ኣብ ስመይ ከሰግሮ ስለዝደለኹ፡ ዝቃወም ሰብ እንተሃልዩ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ሕጊ ብዝእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መአገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳኔ (ይግባይ ተባሂሉሉ እንተኾይኑ) ሒዙ/ዛ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ፡፡ተቓውሞ እንተዘይ ቀሪቡ ግን ኦርጅናል ሰነዳተይ ኣቕሪበ ጉዳየይ ክፍጽም ምዃነይ እሕብር።

ኣቶ ጎይትኦም የማን ገብረክርስቶስ


ብስም ወረ/ነፍ/ ፊተ- ሙብራህቱ ተከኤ ገብረማስቀል፡ ግዚያዊ ምስክር ወረቐት ዋንነት ኣባይቲ ከተማ ቁ.ምስክር ወረቐት 114483 መወከሲ ቁጽሪ 105805/105806 ዝተመዝገበ ስለዝጠፍኣኒ ዝረኸበ ወይ ብዕዳ ሒዙዎ ዝብል ኣካል እንተሎ፡ እዚ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ኣብ ዝተቓላሓሉ እዋን ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት ብቁጽሪ ቴሌፎን 07140913 ክሕበረኒ ይሓትት። እንተዘይ ኮይኑ መተካእታ ክሓትት ምዃነይ እሕብር።

ወረ/ነፍ/ ፊተ- ሙብራህቱ ተከኤ
ወ/ሮ ኣወጣሽ ሙብራህቱ ተከኤ

## ብስራት_ካብ_ቦቺዮፊላ_ክለብ_ስፖርት

ናይ ሚእትን ዕስራን ዓመት ዝና ዘለዎ ቦቺዮፊላ ክለብ ስፖርት፡ ኣብ ውሽጥን ወጻእን ትርከቡ ኩሉኹም ኤርትራውያን ርሑስ ቅንያት በዓል ናጽነት እናበለ እነሆ ኣብ ውሽጡ ዝርከብ ፒዘርያን ፋስት ፉድን ኣብ ቀረባ እዋን ስርሑ ዝጀመረ ብክኢላታት ከሻኖ ዝዳሎ ናይ ቁርስን ምሳሕን ድራርን ከም በርገር፡ ፒሳ፡ ፓስታ፡ ከምኡ'ውን ተሃራፊ ባህላዊ መግቢ ከም ሽሮ፡ ቋንጣ፡ ጻሕሊ ጥብስን ካልእን፡ ብተወሳኺ፡ ጵማቕ፡ ውዑይን ዝሑልን መስተ፡ ምድላዋቱ ኣጻፊፉ ምህላዉ ብሓጎስ የበስር።
መዓስ እዚ ጥራይ፡ ንመርዓ፡ ቁርስን ድራርን፡ ንዓመት ቈልዑን ንእስ ዝበለ ግብጃታትን ብርትዓዊ ዋጋታት ከማልኣልኩም ድሉው ኣሎ። ቦቺዮፊላ ፒዘርያን ፋስት ፉድን ኣብ ዝደለኹሞ ሒዝኩሞ ትኸዱ ቴክ-ኣወይ ጠለባት እውን ከዳሉ ድሉው ኣሎ። ናይ ፓርኪን ቦታ'ውን ኣለኩም።

ኣድራሻና፡-
ማእከል ከተማ ከባቢ ኮሚሳርያቶ ሓማሴን ጎኒ ሞድካ ካፈ።
ቁጽሪ ቴሌ፡- 07146551 ወይ 07209233




ብደሓን ምጹ!!!

ቦቺዮፊላ ፒዘርያን ፋስት ፉድንርሑስ በዓል ናጽነት!!

# ቃለ- መሕትት

ኣብርሃም ዘርአ (ወዲ-ሃለቃ)

## “ምህናጽ ዲጋ ሰረደቕ፡ ንትሕተ-ባይታዊ ማይ ጒላጒል ዓላ ከሀብትሞ እዩ” መሃንድሳት

ስእሊ - ዮሃንስ መብራህቱ



ኢንጅነር - መብራህቱ ገ/ስላሰ

ክቡራት ኣንበብቲ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ፡ ብ3 ግንቦት 2025 ምስቶም ኣብ ዓላ እትህነጽ ዘላ ዲጋ ሰረደቕ ክዕዘቡ ካብ ኣስመራ ናብ’ቲ ቦታ ዝበጽሑ ኣባላት ማሕበር ምትሕግጋዝ ተጋደልቲ 70.16 ነበር ተጓዒዝና ነይርና። ብዛዕባ እቲ ዝቕየድ ዘሎ ስራሕ ዝምልከት፡ ምስ መሃንድሳት (መራሕቲ) ናይ’ቲ ዝስራሕ ዘሎ ዲጋ፡ ዕላል ኣካይድና ኣለና።

**ሕቶ - ፈለማ ምስ ኣንበብትና ሞያኹም ዶ ክትላለዩና?**

ስመይ ኢንጅነር መብራህቱ ገ/ስላሴ ይበሃል። ኣብ’ዚ ሕጂ እዋን ድማ፡ ኣብ’ታ ኣብ ሓወሲ ከተማ ጋዴን ን/ዞባ ደቀምሓረ ትህነጽ ዘላ ዲጋ ሰረደቕ ከም መሃንድስ ኮይነ እሰርሕ ኣለኹ። ድሕሪ ቅያሳ እዛ ዲጋ ካብ መፋርቕ ወርሒ ጥሪ 2024 ዝጀመረት ኮይና፡ ብ 23 ሚያዝያ 2024 ከኣ ማሰረት ተነቢሩላ ክትህነጽ ጀሚራ። ክሳብ ሕጂ ድማ፡ ኣብኣ ብዘተወፋይነት ንሰርሕ ኣለና።

**ሕቶ - ንምንታይ ኢኹም እዚ ዲጋ እዚ ኣብ’ዚ ክትሰርሕዎ መሪጽኩም?**

እዚ ዲጋ እዚ ኣብ’ዚ ከባቢ’ዚ ክስራሕ ዝተደለየሉ ምኽንያት ንጹር እዩ። ኣብ’ዚ ከባቢና ዋሕዲ ትሕተ-ባይታዊ ማይ ስለ ዘጋጥሞ፡ ንዕኡ ንምፍዋስ ዝዓለመ እዩ። እዚ ትዕዘቦ ዘለኻ ሰፊሕ ጒላጒል መሬት ዓላ ክሳብ ዓዲ ሮሶ ዘሎ ዝዝርጋሕ ማለት’ዩ፡ ጠቕላሉ ትሕተ-ባይታዊ ማዩ ክጸፍፍ ስለ ዝጀመረ፡ ንምሁብታሙ ተባሂሉ ዝተወሰደ ስጉምቲ እዩ።

**ሕቶ - ነዚ ዲጋ ክትሰርሕዎ ከለኹም ከመይ ዓይነት ብድሆ ገጢሙኩም?**

ምኽንያቱ እዚ ዲጋ ኣብ መንጎ ዓበይቲ ኣጻድፍን ዓበይቲ ኣኻውሕን ከም’ኡ’ውን መዝበቲ ሰናጭሮታት ስለ ዘሎ።

ልክዕ ኣለኻ ኣዝዩ ከቢድ እዩ። ምኽንያቱ ኣጻድፍን ዳርጋ ተረር ንምኽዓቱ በዓቢ ስለ ዝኾነ፡ ብዙሕ ሃልኪን ጻዕርን ሓቲቱን ይሓትት ኣሎ። መኸተ እዩ እምበር፡ ሓደ-ሓደ እዋን ዳርጋ ንህይወትካ ዝፈታትን ኩነታት ይፍጠር እዩ። ብፍላይ እቶም ሰብ ዶዘር ኣብ’ዚ ኣጻድፍ ጠልጠል ኢሎም እዮም ነዚ ናብ’ዛ እትዕዘቦ ዘለኹም ዲጋ ዘሎ ጽርግያ ንምስራሕ ነዚ ኀቦ ዝጨደዎ ዘለው። ብሓፈሻ ኣብ ምህናጽ እዚ ዲጋ ኣሸጋሪ ብምንባሩ፡ ከም’ኡ’ውን ኣጻድፍን ኣኻውሕን ዝበዝሖ ሃው ዝበለ ቦታ ብምዃኑ፡ ዳርጋ ብቲ.ኤም.ቲ(ኮታጉ) እዩ ተፈሊጹ። እንድሕር ደኣ ሞራልካ ክብ ኣቢልካ ብጽንዓትን መኸተን ኣቲኻዮ ግን ዘይብዓህ ስራሕ የለን። እቲ ሰራዊትን ህዝብን እናማከሮ ይገዓዝ ኣሎ። ግደ ሓቂ ኣብ ምዕራፉ ክበጽሕ ስለ ዘለዎ’ዩ እምበር፡ ኣዝዩ ከቢድ እዩ ክብሎካ እኽእል እየ።

**ሕቶ - ነዚ ከም’ዚ ዝኣመሰለ ዓቢ ስርሓት ህንጻት ክትሰርሕ ግዜን ዓቕሚ ሰብን ከም’ኡ’ውን እኹል መሳለጥያ የድሊ እዩ’ሞ፡ ነዚ ብኸመይ ትማምዎ ኣለኹም?**

እዚ ትብሎ ዘለኻ መሳለጥያታት ህንጻ’ዚ ዲጋ ከም ዘድሊ ዘጠራጥር ኣይኮነን። እንተኾነ፡ መንግስቲ ነዚ ዝኾውን ባጀት ሰለዉ ይፅምሞ ስለ ዘሎ፡ ዓቕሚ ናትካ’ውን ኣወሃሂድካ ትኸዶ ስለ ዝኾነ፡ ብኹሉ መዳይ እናተመላለእካ እተሰገሮ ስራሕ እዩ ክበሃል ይከኣል። ናብ ሓደ ወገን እትገድፎን እተወንዝፎን ስራሕ ኣይኮነን።

**ሕቶ - እዚ ዲጋ መዓስ ክዛዘም እዩ?**

ኣብ’ዚ ሕጂ እዋን ዳርጋ 20 ሚእታዊት ካብ ስራሓቱ ተዓሚሙ ኣሎ። ኣብ ውሽጢ’ዚ ክልተ ዓመት ድማ ክውዳእ ከም መደብ ተታሒዙ ኣሎ። እቲ ዝተረፈ ፍርቂ ዓመት’ውን ሒዝናዮ ኣለና። ወጥን ናይ’ዚ ፕሮጀክት’ዚ ምናልባት ዝኮድለና ነገራት’ውን ስለ ዘሎ፡ ካብ’ዚ ዝነመትናዮ ወጻኢ ግዜ ክውሰኽ ይኽእል እዩ ዝብል ግምት ኣለና። ምኽንያቱ ብፍላይ ካብ ወርሒ ሕዳር ንነጀው በዞን ማሽነሪ ሚንስተር ከም’ቲ ዝደለ ዘጦፈኦ ዝበራ ስለ ዘይሰራሕና ብዙሕ ኣየሰጎምናን። ቅድሚኡ ዝበረ ግዜ ግን ብንጡፍ ንሰርሕ ስለ ዝበርና፡ ቅልጣፈ ነይሩና እዩ። ካብ ወርሒ ሕዳር ብሓደ ሰብ ይስራሕ ስለ ዘሎ፡ እተን ማሽነሪ እንድሕር ደኣ መጺአን ግን ብቐሊል ስለ ዝሰራሕ፡ ዚዩዳ ኣሳልጦ ክህልዎ እዩ።

**ሕቶ - ምስ ምቕልቓል ክረምቲ ስራሕኩም ብኸመይ ክተተኣሳስሩዎ ኢኹም? እንታይ መደባት እዩ ዘሎ?**

ንኽረምቲ ብኽልተ ነገራት ኢና ንጥምቶ። ምኽንያቱ ኣብ ማእከል ሩባ ኴንና ንሃንጽ ብምህላውና፡ እናተሰከፍና ኢና ንሰርሖ ዘለና። ብዚዩዳ ግን እቲ ዝዓበየ ጸገምና ኣብ ዝሓለፈ ዓመት እዩ ነይሩ ኢልና ክንዝረብ ንኽእል። ኣብ’ዚ ሕጂ እዋን ግን ካብቲ መሰረት እቲ ሩባ 13 ሜትሮ ንላዕሊ ተሰሪሑ ወጺኡ ኣሎ። ናይ’ቲ ስራሕ ተሰላሲሉ ኣሎ። እቲ ዝተረፈ 80 ሚእታዊት ግን ብሕጂ ዝስራሕ እዩ። ምኽንያቱ ዕምቈት ወይ ድማ ቁመት ናይ’ዚ ዲጋ’ዚ 40 ሜትሮ ክበጽሕ ስለ ዝኾነ።

**ሕቶ - ብልክዕ ኣብ’ዚ ሕጂ እዋን ኣብ ምንታይ ደረጃ በጺሕኩም ኣለኹም?**

ኣብ’ዚ ሕጂ እዋን ከም’ቲ ኣቐዲመ ዝበልኩኻ ልዕሊ 20 ሚእታዊት ዕማም

**ሕቶ - እዚ ማይ’ዚ ምስ ተኣከበ ብኸመይ ኢኹም ናብ ህዝቢ ክትዝርግሕዎ ሓሲብኩም ዘለኹም?**

ብዙሕ መደባት ዘለዎ እዩ። ምስ’ቶም መሃንድሳት ናይ ዞባ ኴንና ብዙሕ ስርሓት ዝሓተተ እዩ። ምኽንያቱ ክሳብ ታሕታይ ጋዴን ዓዲ ሮሶ ዝበጽሕ ናይ ትሕተ ባይታዊ ማይ ንምህብታም መደባት ስለ ዘሎ፡ ኣብ እዋኑ ዝገለጽ ብዙሕ መደባት ተታሒዙ ኣሎ። እዚ ዲጋ’ዚ ብማይ ምስ መልአ ናይ 1.5 ኪ/ሜትር ንድሕሪት ዝርግሐ ክህልዎ እዩ። ብተወሳኺ፡ ኣብ ላዕለዋይ ክፋል እዚ ዲጋ ዘሎ ቦታ፡ ራህያታት ክስራሕ እቲ ዞባ ዘውጽኦ መደባት ስለ ዘሎ፡ ንዕኡ ንምፍዋስ ክስራሕ እዩ።

**ሕቶ - ሕራይ ትውሰኾ እንተለካ?**

ነዚ መደባት’ዚ ምስቲ ዞባ ዝወጠኖ ወጥናት እናሳዕኻ ኢኻ ተኽይዶ። ብመጽሓፍ ተመርኵስና ኢና ንኸይድ። እተን ማሽነሪ ዝካይድኦ ስራሓት ምስ ፕሮጀክት ዓዲ-ሃሎን ሚ/ሪ ምክልኻልን ኴንካ ዝስራሕ እዩ። ጠቕላላ እዘን ማሽነሪታት ልዕሊ እቲ ጉልበት ናይ ሰብ ዝሰርሖኦ ሰዓታት ምስ እንርኢ፡ ክሳብ 5781 ሰዓታት ሰሪሐን ኣለዋ። ኣዝየን ዓቢ ኣበርክቶ እየን ገይረን ዘለዋ። ካልእ ኣብ ውሽጢ 2025 ዝሰርሕናዮ ክሳብ 1345 ሰዓታት እዩ። ኣብ’ቲ እዋን ክልተ ማሽነሪ ስለ ዝበራና’ዩ እዚ እንብሎ ዘለና ስራሕ ክዕመም ክኢሉ። ኣብ’ዚ ሕጂ ሰዓት ግን ሓንቲ ማሽነሪ ጥራሕ እያ ተሪፋ ዘላ። ዓቢ ኣበርክቶ እዩ ዘለወን። ብዘይ ብኦኣን ዝዕመም ስራሕ ኣዝዩ ከቢድ እዩ። ነዚ ሕጂ ተሪፉና ዘሎ ስራሕ መታን ቀልጢፍና ሓይልና ኣወሃሂድና ክንዕምሞ፡ እቲ ተሪፉና ዘሎ መሳለጥያታት ክመጽኣና ተስፋ ንገብር። ምኽንያቱ ካብ’ዚ ሩባ እዚን ማይ ክረምትን ቀልጢፍና ክንገላገል።

**ሕቶ - ናጥኻ ክንምልሰ ብጾይ፡ ሰማካ መን ክንብል? ከም ምንታይ ኴንካ ኢኻ ኣብ’ዚ ምህናጽ ናይ’ዚ ዲጋ ትሳተፍ ዘለኻ?**

ስመይ ኣብርሃም ሃብተስላሰ እበሃል። ኣብ’ዚ ዕማም ማሰርሕን ህንጻት ናይ’ዛ ዲጋ ድማ፡ ከም መሃንዲስ ኮይነ እሰርሕ ኣለኹ። ኣብ’ዚ ናይ ዓመትን 5 ወርሕን ዝተሳተፍኩሉ ስራሕ ድማ ናብ’ዛ ዲጋ ዘእቱ ጽርግያ ኣብ ምህናጽን ኮነ ዲጋ ዝኾውን እምኒን ሓመድን ኣብ ምውጻእን ጸኒሕና። ካብኡ ንደሓር ድማ እዚ እንርእዮ ዘሎና ዲጋ ናብ’ዚ ደረጃ እዚ ኣብጺሕናዮ ኣለና።

**ሕቶ - ናይ’ዚ ዲጋ እዚ ምህናጽ ረብሓኡ ንመን እዩ ትብል?**

ንህዝቢ በለስቶ፡ ዓላ ጋዴን ዓዲ ሮሶ ብሓፈሻ ከኣ ንምሉእ ህዝቢ ዓላ ዝጠቅም እዩ።

**ሕቶ - ብኸመይ እዩ እቲ ረብሓ ክግለጽ፡ ነዚ ህዝቢ’ዚ ብልክዕ እዚ ማይ እንታይ እዩ ክዝብረሉ ክተብርሃልና?**

እዚ ማይ’ዚ ልዑል ኣስተዋጽኦ ክህልዎ እዩ። ዓላ ብሕርሻ ኣብ’ዚ ሃገር ዘለዎ ተራ ብቐሊል ዝግመት ኣይኮነን። ግሩን ስም ዘለዎ ቦታ ጀራዲን እዩ። ኣብ’ዚ ሕጂ እዋን ግን እዚ ቦታ እዚ ትሕዝቶ ትሕተ-ሚያዊ ባይታኡ እናደኸየ ከይዱ። ዒላታት ክሳብ 30 ሜትሮ ንታሕቲ ተኳዒቶም ማይ ስለ ዝተሳእናም፡ ነቲ ትሕተ-ባይታዊ ማይ ንምህብታም ተባሂሉ ዝህነጽ ዘሎ ማሰርሕ ህንጻት እዩ። ብኻልእ ወገን ከኣ እዚ ማይ’ዚ ንሰብን ጥሪትን ሩፍታ ክፈጥርን ክፈትሕን ተባሂሉ ዝህነጽ ዘሎ እዩ።

**ሕቶ - እስከ ነቲ ጉልበቱ ዘይብቑቕ ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ግለጸለይ?**

ህዝቢ’ሽ ነዚ ሰራዊት እዚ ብኸመይ ይትንትኖ፡ ምኽንያቱ ንሰሉ ክብል እዩ ክኮኽል ጸኒሑ፡ ተመሊሱ ከኣ ኣብ ህንጻትን ልምዓትን ተዋፊሩ ዘሎ።

ከም’ቲ ኩላትና እንፈልጦ ሰራዊት ህዝቢ ኤርትራ፡ ካብ ቀደም ኣትሒዙ ኣብ



ምክልኻል ሃገር ዝጸንሐ እዩ። ኣብ ተቓማዲ ሰላም ከኣ፡ ናብ ልምዓት ዝዋፈር ተባዕ ሰራዊት እዩ። ጉልበቱን ጻዕቱን ከይበቐቐ ድማ፡ እቲ ህዝብን ሃገርን ዝጠልቦ ነገራት ኣብ ምብርካት ተዋፊሩ ደርኲቡ ኣሎ። ሕጂ ታሪኽን ኣበርክቶን ናይ’ዚ ሰራዊት’ዚ ክትገልጽ ምጽያቕ ስለ ዝኾነ ትም ይሓይሸ፡ ህዝቢ ዓላ፡ ኣብ ሰራዊቱ ዘለዎ መግለጺ ሕሉፍ ፍቕሪ እዩ ዘለዎ። ከም መርኣያ ናይ’ዚ ከኣ፡ ኣብ’ቲ ዝነብሮ ዘሎ ማሰርሕ ህንጻት ካብ ጉድኑ ከይተፈለየ ‘ኣጆኹም’ እዛም ደቀይ እናበለ ዘኸይድ ህዝቢ እዩ። ካብ ዘሎቶ እናኣኻፈለ ዝጎዓዝ ዘሎ ህዝቢ እዩ። እዚ መግለጺ እዚ ከኣ ናይ’ቲ ሰራዊትና ዝነብሮ ዘሎ መርኣያ ጸቡቕ ተግባርን ዝሀቦ ፍቕርን ዘርኢ ስእሊ እዩ።

**ሕቶ - እዛ ዲጋ ክሳብ ክንደይ ዝኣክል ዓቐን ማይ ክትሕዝ እዩ ተገምጊሙ ዘሎ?**

እዛ ዲጋ፡ ክሳብ 2.1 ሚልዮን ሜትሮ ኩቦ



ኢንጅነር- ኣብርሃም ተስፉስላሰ

ማይ ክትሕዝ እዩ ብሰኑፍልጢታዊ ዓቐን ተገሚቱ ዘሎ። ኣብ’ዚ ከባቢ ዓመታዊ ክሳብ 350 ሚ/ሜ መጠን ዝናብ ስለ ዝዘንብ፡ ኣብ ውሽጢ ክልተ ዓመት ክትመልእ ተኽእሎታት ኣሎ።

**ሕቶ - ኣብ’ዚ ንህይወትካ ዘስግእ ሃው ዝበለ ኣጻድፍ፡ ሓደ መንእሰይ ዶዘር ሐዙ ኀቦ ክቕድድ ጸኒሑ’ሞ ብዛዕባ’ቲ ዝሰርሖ ዘሎ እንተትገልጸልና?**

እዚ ትዕዘብዎ ዘለኹም ዲጋ ከም’ዚ ዓይነት ዋጋ እናተኸፍለ እዩ ዝኸይድ ዘሎ። ምእንቲ ህዝቡ’ካ ዘይገብር ነገር የለን። ኩሉ ግዜ ንማዕቢእቲ ቅሩብ ክትከውን ኣሎ። ፍቕሪ ህዝቡ’ካ ድማ ብቓላት ዘይኮነ ብተግባር እዩ ዝዕቀን። ቅድሚ ሕጂ እቲ ዲጋ ካብ ማሰረት ክበጽሕ እንከሎ፡ ኣብ’ቲ ውሽጢ እቲ ሩባን ኣብ ጥቓኡን ብዙሎ ኣእማን እዩ ተኸሊጹ። ሕጂ ድማ ነቲ ዝተረፈ ማሰርሕ ናይ’ቲ ህንጻት ንምቕጻል ኣብ ክንዲ ናብ ርሑቕ ከይድካ ብመካይን ኣእማን ትጓርት፡ ኣብ ጥቓኻ ንዘሎ ጸጋ ምጥቃም ስለ ዝበልጸ’ዩ ነቲ ማእከል ናይ’ቲ ኀቦ እናተርብዐ ኣእማን ክፍንቅል ንዕዘቦ ዘለና።

**ሕቶ - ካብ’ዚ ዲጋ’ዚ ነቲ ኣብ ርሑቕ ከሎ ሜትራት ተዘርጊሑ ዝርከብ ህዝቢ ዓላ ማይ ብኸመይ እዩ ክበጽሖ ዝኽእል?**

ከም’ቲ ኣቐዲመ ዝበልኩዎ እቲ ዕላማ ትሕተ-ባይታዊ ማይ ምህብታም ስለ ዝኾነ፡ ብታሕቲ ታሕቲ እዩ ብዝራ ኣቢሉ ክኸዶም። ድሮ ከማን ኣጻብቑ ማይ ከይዓቑረ እንከሎ፡ ብዝራ ኣቢሉ እናፈልፈለ ክሳብ 5 ኪ/ሜትር ክውሕዝ ጀሚሩ ኣሎ። ብውሽጢ ውሽጢ ክሳብ ታሕታይ ዓላ ክበጽሕ እዩ። ከድ ክሳብ ብዓል በለስቶን ከባቢኡን ክበጽሓልና እዩ እቲ መደብን ባህግን ተታሒዙ ዘሎ።

**ሕቶ - ቅድሚ ምዝዛምና ትውሰኾ እንተለካ መሃንድስ ኣብርሃም?**

እዚ ከምዚ ዝኣመሰለ መንግስቲ ዝነብሮ ዘሎ ቅዱስ ስጉምትን ተበግሶታትን ስራሕ ኣዝዩ ጸቡቕ እዩ። ኣብ ከም ዓላ ዝኣመሰለ ዝተሻሰየ ከባቢታት ድማ ተመሳሳሊ ስጉምቲታት ክወሰድ እዩ ዝኣቦ። ምኽንያቱ ነቲ ህዝቢ ዓቢ ረብሓን ዕድልን ስለ ዝኾኑ ብዘለዓለ መንፈስ ክቕጽሎ እላቦ።





ኣባላት ክፍላተ-ሰራዊት 70.16 ነበር ኣብታ ዲጋ እናተዓዘቡ

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ደሃይ ተቐዳደምትና

ኤርትራውያን ተቐዳደምቲ ቢንያም ግርማይን ሄኖክ ምሉእብርሃንን ትማሊ ቀዳም ምስ ክለባቶም ብምዃን ኣብ ፈረንሳ ኣብ ናይ ሓደ መዓልቲ ውድድር ተጻዊቶም።

እዚ ንመበል 35 ግዜኡ ዝተኻየደ 'ግራንድ ፕሪክስ ሞርቢሃን' ዝጽዋዕ ውድድር፡ ናይ 1.ፕሮ መለክዒ ዘለዎ ኮይኑ፣ 190 ኪሎሜተር ዝሸፈነ ነይሩ።

ኣብ ሃገሩ ዝተወዳደረ ተቐዳዳማይ ክለብ ደካትሎን - በኖት ኮስፍሮይ ደማ፡ ንወዲ ዓዱ ኣባል ኣርከያ - ከሸን ቫኩሊን ብሸኳ በሊጹ ተዓዊቱ። ብጠቕላላ ኣብ ሰዓት 41.8





ኪሎሜተር እናተጓዓዘ ብ4 ሰዓት፡ 32 ደቒቕን 35 ካልኢትን ዝተዓወተ - ኮስፍሮይ፡ ንናይ ዝሓለፈ ዓመት ውድድር'ውን ተዓዊቱሉ ነይሩ።

እዚ ወዲ 29 ዓመት፡ ኣብ 2019'ውን ተዓዊቱ ብምንባሩ፡ ብሰለስተ ዓወታት ምስ ወዲ ሃገሩ - ጁሌን ሳይሞን ተመዓራሪዩ ኣሎ። ኣብ ዝሰዐቡ ዓመታት ምስ ዝዕወት ድማ፡ መሪሕነት ክሕዝ እዩ - ምኽንያቱ፡ ሳይሞን ኣብ መወዳእታ 2024 ጥሮታ ወጺኡ እዩ።

ተቐዳዳማይ ኢንተርማሸ - ቢንያም፡ ካብ ዕወት 41 ካልኢት ድሒሩ መበል 59 ኣትዩ። ዝሓለፈ ዓመት ኣብዚ ሃገር ኣብ ዝኣንገደ ዓቢ ውድድር 'ቱር ዲ ፍራንስ' ቀጠልያ ማልያ ዝተዓወተ - ቢንያም፡ ዛጊት ኣብዚ ወቕቲ ኣይተዓወተን ኣሎ።

ብዘይካ'ዚ፡ ኣባል ኣስታና - ሄኖክ፡ 1 ደቒቕን 11 ካልኢትን ድሒሩ መበል 74 ደረጃ ሒዙ።

ቢንያም፡ ሎሚ'ውን ኣብታ ሃገር ኣብ ካልእ ኣብ ናይ ሓደ መዓልቲ ውድድር ክጻወት እዩ፣ መደብ ጸወታ ሄኖክ ግን፡ ዛጊት ኣይተሓበረን።

## ደቀምሓረ - ቅድድም ብሽክለታ ዋንጫ ናጽነት ተጀሚሩ

ኣብ ከተማ ደቀምሓረ፡ ንመበል 34 ዓመት በዓል ናጽነት ንምድማቕ ቅድድም ብሽክለታ ዝሓለፈ ሰንበት ጀሚሩ።

ኣብቲ ክልተኡ ጾታ ዝሳተፍዎ ዘለዉ ውድድር፡ ኣብ ቀዳማይ ዲቪዥን ደቂ ኣንስትዮ፡ ሶሉና ዓንደብርሃን፡ ዝበብ ሚከኤልን ሰልቫና ኤርምያስን ኣኽቲላ ቀዳመይቲ ኣትያ። ኣብ ካልኣይ ዲቪዥን ድማ፡ ልዋም የናስ፡ ኤልዳና ጎይትኦምን ዲና ዳኒኤልን ካብ ቀዳማይ ክሳብ ሳልሳይ ኣትየን።

ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ ሳልሳይ ዲቪዥን ደቂ ተባዕትዮ፡ ናህ ተከሌ፡ ክሩቤል ጺጋይን ሄኖስ ዘርኡን፣ ካልኣይ ዲቪዥን - ሴም የዕበዩ፡ ሙልጌታ ብጹኣምላኽን መሪሕ ብርሃንን ተዓዊቶም። ኣብ ቀዳማይ ዲቪዥን ድማ፡ ኣቤል እዮብ፡ ንኤርምያስ ክፍለዝጊን ኬቨን ይከኣሎን ኣኸቲሉ ቀዳማይ ኣትዩ።



ህጻናት'ውን ኣባል እዚ ውድድር እዮም። በዚ መሰረት፡ ኣብ ምድብ 'ሀ'፡ መርሃዊ መሓሪ፡ ዊንር ተስፋኣለምን የሲያስ ኪዳነን፣ ኣብ ምድብ 'ለ' ከኣ፡ ሄኖስ ሰምኦን፡ ኤቨን ግርማይን መንክም ረዘነን ተዓዊቶም። እዚ ውድድር ሎሚ ሰንበት'ውን ክቕጽል እዩ።

## ሻምፕዮን ክለባት ኤርትራ ቀጺሉ

ሻምፕዮን ክለባት ኤርትራ፡ ትማሊ ቀዳም ብኣርባዕተ ግጥማት ኣብ ሜዳ ንእሽቶ ቺቸሮ ቀጺሉ።

ፈለማ ሰዓት 8፡00 ቅ.ቀ፡ ክለባት ደቡብን ዓንሰባን ገጢመን። ክልተ ሹቶታት ካብ ቢንያም የናስ ዝረኸበት ዓንሰባ ድማ፡ 2-1 ተዓዊታ። ንእኽሎ ሹቶ ደቡብ፡ ያፌት ሓዲሽ ኣመዝጊቡዋ። ቢንያም፡ ናይታ ግጥም ብሉጽ ተጻዋታይ ተባሂሉ።

ሰዓቢ፡ ግጥም ኣልታሕረርን ኣል-ሂላልን እዩ ተኻዪዱ። ኣልታሕረር፡ ኣብ ራብዐይቲ ደቒቕ ካብ ኢብራሂም መሓመድ ብዝቖጸረታ ሹቶ ንዕረፍቲ መሪሓ ወጺኣ። እዛ ጋንታ፡ ኣብ ካልኣይ እብረ'ውን ኣብ መበል 83ን 90ን ደቓይቕ ብመገዲ የናታን ተኸስተን ይከኣሎ ሕድሮምን ሹቶታት ወሲኻ 3-0 ተዓዊታ። ኣቦላ ዳኒኤል ሚካኤል ድማ፡ ናይታ ጸወታ ብሉጽ ተባሂሉ።

ኣብ ሰዓታት ድሕሪ ቀትሪ፡ ቀዳመን ቀይሕ ባሕርን ኣፍዓበትን ተጋጢመን። ቀይሕ ባሕሪ ድማ፡ ንጸወታ ብምዕብላል ብጠፈሕ 6-0 ተዓዊታ። እዛ ጋንታ፡ ቀድሚ ዕረፍቲ ካብ ሰምኦን ኣስመላሽን ቢንሀር ጠዓመን፡ ኣብ ካልኣይ እብረ ድማ፡ ብፍጹም ቅላዕ ክልተ ሹቶታት ካብ ኣቤል ወልደእየሱስ፡ ከምኡ'ውን ካብ ስምኦንን ናህም ፍጹምን ወሲኻ፡ ነጥባ ድማ ናብ 16 ክብ ኣቢላ፡ ብሉጽ ተጻዋታይ ናይታ ጸወታ፡ ሰምኦን ኣስመላሽ ተሰምዩ።

ጸወታ ኣስመራን በራን ጋሽን ባርካ፡ ኣብ መወዳእታ ተሳሲሉ። 11 ነጥቢ ኣኪባ ዝጸንሐት በራ፡ ኣብ መበል 34 ደቒቕ ብዘመዝገበታ ሹቶ መሪሓ ንዕረፍቲ ወጺኣ። ኢሳይያስ የማነ ኣብ ካልኣይ እብረ ሹቶ ብምውሳኹ ድማ፡ 2-0 ተዓዊታ። ኢሳይያስ፡ ብሉጽ ተጻዋታይ ናይታ ጸወታ ተጸዊዑ።

እዚ ውድድር፡ ሎሚ ሰሉይ ደንደን ኣንጻር ዓንሰባ፡ ደቡብ ኣንጻር ኣልታሕረር፡ ኣል-ሂላል ኣንጻር ጋሽ ባርካ፡ ቀይሕ ባሕሪ ኣንጻር ኣስመራ በራ ብዘካይዳኦ ግጥማት ክቕጽል እዩ።

## ኣርሰናል፡ ንዙቢመንዲ ከተፈርሞ ተሰማሚዓ

እንግሊዛዊት ክለብ ኣርሰናል፡ ንኣኽፋፋሊ ሪያል ሶሴዳድ - ማርቲን ዙቢመንዲ ከተፈርሞ ከምእተሰማምዐት ተሓቢሩ።

ዙቢመንዲ፡ ብውልቁ ምስዛ ጋንታ ከምእተሰማምዐ እዩ ዝግለጽ። ኣርሰናል ድማ፡ መልቀቒ ዋጋኡ - 60 ሚልዮን ዩሮ (51 ሚልዮን ፓውንድ) ክትከፍል እዩ ትጽቢት ዝግበረላ - ብመሰረት ጸብጻባት።



እዚ እናኣኽፋፋሊ ዝኸኣለ ወዲ 26 ዓመት እስጳኛዊ፡ ካብ ዝሓለፉ ዓመታት ጀሚሩ ብዘርእዮ ዝነበረ ሱሓቢ ምንቅስቓስ፡ ኣብ ራዳር ዓበይቲ ክለባት ሪያል ማድሪድ፡ ባርሴሎና፡ ማን ሲቲን ሊቨርፑልን ክኣቱ ክኢሉ እዩ። ብፍላይ ሊቨርፑል፡ ዝሓለፈ ክረምቲ ከተፈርሞ ተቓሪባ ምንባራ እዩ ዝግለጽ። ኣርሰናል'ውን ንልዕሊ ዓመት ከምዝተኸታተለቶ ዝሓለፈ ወርሒ ጥሪ ተቓሊሑ ነይሩ። ክሳብ ክረምቲ 2025 ኣብ እስጳኛ ክጸንሕ ብምድላዩ ግን፡ ዊንታ እተን ክለባት ክሰምር ኣይከኣለን።

እንተኾነ፡ ኣብዚ እዋን ምስታ ኣብ ሰሜናዊ ክለባት ከተማ ለንደን እትርከብ ክለብ ተሰማሚዑ ኣሎ። ኣርሰናል፡ ወላ'ኳ ደገፍታ ናይ ማእከል ኣጥቃዓይ (ቁጽሪ 9) ከተፈርም ካብ ዝሓለፉ ዓመታት ጀሚርም ይምሕጸኑ እንተነበሩ፡ ዛጊት ግን፡ እዛ ጋንታ ድሌቶም ኣይሰመዐትን።

ኣርሰናል፡ ንዙቢመንዲ ቀዳምነታ ሂባ ከተፈርሞ ምስምማዕ፡ ንመሰመር ምክፍፋላ ዓቢ ደገፍ ምኹኑ ኣይክሓድን። ምኽንያቱ፡ ጆርጂንዮ ብዓቢኡ ከኣ፡ ወሳኒ ኣኽፋፋሊኣ ቶማስ ፓርተይ ኣብ ናይ መወዳእታ ውዕሎም ይፍጽሙ ብምህላዎም፡ ንቦታኦም ብዝበቕዓት ዝትክእ ዓይነታዊ ኣኽፋፋሊ ምምጻእ ዓቢ ስገምቲ እዩ።

ይኹን እምበር፡ ኣብ ዝሓለፉ ሰለስተ ዓመተ-ስፖርት ናይ ዋንጫ ተወዳዳሪት እምበር ዋንጫ ናይ ምልዓል ዓቕሚ ዘይብላ ክትኸውን ዝቐሰበ ምኽንያት፡ ብሉጽ ቁጽሪ 9 ኣጥቃዓይ ስለዘይብላ እዩ። ኣብዚ ዝመጽእ ዘሎ ክረምቲ ዝኸፈት መስኮት ምስግጋር፡ ነዚ ቀንዲን ዋጋ ትኸፍለሉ ዘላን ድኽም ጎድና ብዘዋህዮ እንተዘይሸፈናቶ ድማ፡ ዝመጽእ ወቕቲ'ውን ተመሳሳሊ ዕጫ ዝሓለፉ ዓመታት ከጋጥማ ዝለዓለ ተኽእሎ ኣሎ።

ሓደ ካብቶም ናይዚ እዋን ዝበለጹ ኣኽፋፈልቲ ሊጋት ኤውሮጳ ምዃኑ ዝግለጽ - ዙቢመንዲ፡ ኣብዚ ወቕቲ ዛጊት ኣብ 44 ዝተፈላለዩ ግጥማት ንጋንታኡ ሪያል ሶሴዳድ ተሰሊፉላ። እዛ ጋንታ ሕመረት ዓወት ዋንጫ ኤውሮጳ 2024 ሃገራዊት ጋንታ እስጳኛ ምንባሩ'ውን ይዝከር።

ዙቢመንዲ፡ ብሓዲሽ ስፖርት ዳይረክተር ክለብ ኣርሰናል ኣንድረ በርታ ዝፈረመ ቀዳማይ ተጻዋታይ ክኸውን እዩ - በርን ወረቐትን ምስ ኣራኸበ፡ በርታ፡ ዝሓለፈ መጋቢት'ዩ ካብ ኣትሌቲኮ ማድሪድ ናብ ኣርሰናል ተጸንቢሩ።

## ኤል - ክላሲኮ . . .

ዝዓበየን ዝለዓለ ቆላሕታ ዝረኽበን ግጥም ክለባት ዓለም ምዃኑ ዝእመነሉ ርክብ ባርሴሎናን ሪያል ማድሪድን ሎሚ ኣብ ግዜያዊ ስታድዩም ባርሴሎና 'ኦሎምፒክ ሉዊስ' ክካየድ እዩ።

ባርሳ፡ ንማድሪድ ብኣርባዕተ ነጥቢ በሊጻ ንላ'ሊጋ ትቕልሶ ብምህላዋ፡ እዛ ናይ ሎሚ ጸወታ ኣብ ደረጃኦን ኣዝያ ወሳኒት እያ። ባርሳ፡ ምስ እትዕወት፡ ፍልልየን ናብ ሸውዓተ ስለዝዓርግ፡ ዋንጫ ናይ ምልዓል ዕድላ ክሰፍሕ እዩ። ብኣንጻሩ፡ ማድሪድ፡ ፍልልይ ናብ ሓንቲ ነጥቢ ኣጕዲላ ናብ ዋንጫ ክትጽግዐላ እትኽእል ዝበለጸት ዕድል እዛ ግጥም እያ።

ዝሓለፈ ሰሙን ካብ ፍርቂ ፍጻመ ሻምፕዮንስ ሊግ ብኢንተር ሚላን ዝተገለፈት ባርሳ፡ ኣብዚ ወቕቲ ኣብ ልዕሊ ማድሪድ ርኡይ ዕብላለ ኣርኢያ እያ። ኣብ ዝሓለፈ ሰለስተ ርክባ፡ ኣብ ቀዳማይ ዙርያ ላ'ሊጋ 4-0 ክትስዕራ እንከላ፡ ብዙኸታታሊ ኣብ ዋንጫ ጸወታታት ሱፐር ኮፓ እስጳኛን ኮፓ ደል ረይን 5-2 ከምኡ'ውን 4-0 ሰዒራታ። ሎሚ ምስ እትስዕራ ድማ፡ ክንደኡ ነጥባ ክብ ምባል፡ ምልካ'ውን ከተረጋግጽ እያ።

ኣብዚ ወቕቲ ኣታውን ወጻኢን ብቐዓት ኣብ ምርኣይ ዝርከቡ ተጻወትቲ ማድሪድ፡ ብመንእሰያት ተጻወትቲ ባርሳ ምሒር ተዓብሊሎም ኣለዉ። ሎሚ ምሸት ግን፡ እንተወሓደ ንሶም ናይዚ እዋን ዝበለጹ ተጻወትቲ ምዃኖም ዘርእዩሉ ዝዓበየ ዕድሎም እያ። ብዓበኡ ድማ፡ ናይ ሻምፕዮንስ ሊግ ክብሮም ካብ ምዕቃብ ብኣርሰናል ብምዕንቃጾም፡ ናይ ላ'ሊጋ ክብሮም ካብ ምዕቃብ ከይጠፍኡ'ውን ክቃለሱ እዮም።

ናይዚ ጸወታ ብዙሕ ስታሰቲካዊ ሓበሬታ ክዳሓፍ እኳ ዝኽእል እንተኾነ፡ ሓንቲ ጥራይ ክንጠቕስ፡ ንማድሪድ ኣብ ኩሉ ውድድር 36 ሹቶታት ኣመዝጊቡላ ዘሎ - ከይላን ምባፐ፡ ሎሚ ሓንቲ ሹቶ ምስ ዘመዝግብ፡ ኣብ ታሪኽ እዛ ጋንታ ኣብ ቀዳማይ ወቕቱ ዝበዝሐ ሹቶታት ምስ ዘመዝገበ ተጻዋታይ ክመዓራረ እዩ፣ ምስ ኣብ 1992-93 ኣብ 45 ግጥማት 37 ሹቶታት ዘመዝገበ - ኢቫን ዛሞራኖ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ዓሰልጣኒ ማድሪድ - ካርሎ ኣንቸሎቲ፡ ናይ መወዳእታ ናይ ኤል-ክልሲኮ ጸወታ ከካይድ እዩ። እዚ ኢጣልያዊ፡ ምስ ምውዳእ ናይዚ ወቕቲ ካብዛ ክለብ ክወጽእን ቦታኡ ብዓሰልጣኒ ባየር ለቨርኩሰን - ዣቢ ኣሎንሶ ክትካእን ምዃኑ እዩ ዝግለጽ ዘሎ።

## "ምስ ማነ፡ ጥቡቕ ዝምድና ኣይነበረናን" ሳላሕ

ኣጥቃዓይ ሊቨርፑል - ሞ ሳላሕ፡ ምስ ወዲ ጋንታኡ ዝነበረ ሳድዮ ማነ ጥቡቕ ዝድምና ከምዘይነበሮም ተኣሚኑ።

እዞም ክልተ ብሉጻት ኣፍሪቃውያን



ተጻወትቲ፡ ብሓደ ኣብ ሊቨርፑል እንከለዉ፡ ኣብ ሜዳ ብዙሕ ግዜ ክበራረጩ ተራእዮም እዮም።

ሳላሕ፡ ብዛዕባዚ ኣብ ዝተሓተተሉ፡ "እወ ምስ ማነ ዘይምቅዳው ነይሩና። እንተኾነ፡ ክሳብ መወዳእታ ኣብ ጸወታና ከተኽትር ነይሩና። ስለዚ ጉዳይና ንጋንታና ዝጸለዋ ኣይመሰለንን። ካብ ሜዳ ወጻኢ'ውን እንተኾነ፡ ጥቡቕ ዝምድና ኣይነበረናን። ንሓድሕድና ግን፡ ንከብር ነይርና" ኢሉ።

ማነ ካብ ክረምቲ 2023 ጀሚሩ፡ ምስ ስዑዲ ክለብ ኣል-ናስር ይጻወት ምህላዉ ይፍለጥ።

## መደብ ጸወታ

**ሎሚ**

**ፕሪመር ሊግ**

ኒውካስል - ቸልሲ 2፡00 ድ.ቀ

ማን ዩናይትድ - ዌስት ሃም 4፡15 ድ.ቀ

ኖቲንግሃም - ሌስተር ሲቲ 4፡15 ድ.ቀ

ቶተንሃም - ክሪስታል ፓላስ 4፡15 ድ.ቀ

ሊቨርፑል - ኣርሰናል 6፡30 ድ.ቀ

**ላ'ሊጋ**

ባርሴሎና - ሪያል ማድሪድ 5፡15 ድ.ቀ

**ሰሪኣ**

ናፖሊ - ጀኖኣ

**ጽባሕ**

**ሻምፕዮን ክለባት ኤርትራ**

ደንደን - ዓንሰባ 8፡00 ቅ.ቀ

ደቡብ - ኣልታሕረር 10፡00 ቅ.ቀ

ኣል-ሂላል - ጋሽ ባርካ 2፡00 ድ.ቀ

ቀይሕ ባሕሪ - ኣስመራ በራ 4፡00 ድ.ቀ

**ሰሪኣ**

ኣታላንታ - ሮማ 9፡45 ድ.ቀ

**ተረኛ ፋርማሲ**
ፋርማሲ ዳሉል
ፋርማሲ ኤደን
ቤት መሸጣ መድሃኒት ጉት

**ዕለት**
11/05/2025

**ጎደና**
ጎደና ሓርነት ቁ.158፡ ፊት ሳልሳዋይ ቤት ፍርዲ
ከባቢ ዩኒቨርስቲ፡ ጥቓ ባር ለድያ
ጎደና ኣፍዓበት ቁ. 209፡ ፊት ሆስፒታል ዕዳጋ ሓሙስ

**ቁ.ስልኪ**
125266
110750
125154

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565